
ሓዲስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 343 09 ነሓሰ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ቀዳም


ገጽ 3
ሕታም
12 ሚያዝያ
ጋዜጣ ሓዳስ
ኤርትራ!

ገጽ 4
ጥማዕ ናይዛ ሰዓቡ


ገጽ 8
ተኸላ ከተማ

ገጽ 10
ከሉም ዕምባቡታት ደየም
ብኣናህብ ዝድለዩ?


ገጽ 11
ዳንኤልን ናትናኤልን ኣብ
ሾልታ እሰቋኛ . . .


# ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣበርክቶኡ ኣብ ዕቃበ እንስሳ ዘገዳም ከዕዝዝ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ጸዊዑ






ኤርትራ ዝሰለዋ ጺጋታት እንስሳ ዘገዳም ብዮሕቱእ ዓቂበን ኣሰሲንካን ናብ መጻኢ ወለዶታት ንምስግጋሩ፡ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ከምዝኾነ፡ ኣብ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ሳዕለዋይ ክኢላ ምዕቃብ እንስሳ ዘገዳም ኣቶ ፍጹም ሓጎስ ምስ ኤሪና ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት ገሊጹ።

ብመሰረት መጽናዕቲ ዓለማዊ ዕቃብ እንስሳን ተፈጥሮን እቲ ኣብ ዓለም ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልይዎ ዝርከብ ኣድጊ በረኻ፡ ካብቲ ብደረጃ ዓለም ከምዘሎ ዝግመት 400 ርእሲ፡ እቲ ኣስታት 300 ኣብ ኤርትራ - ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከምዝርከቡ፡ እዚ ድማ ብርቂ ጸጋ ሃገርና ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ሃገርና ክልተ ዓይነት ዘርኢ ኣራብ፡ ኣድጊ በረኻ፡ ዓጋዜን፡ ሰሳ፡ ነብሪ፡ ሓርማዝ፡ መፍለስ፡ ዒውን ካልኦት ዓይነት እስሳታትን ኣብ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ዓንሰባን ጋሽ-ባርካን ከምዝርከቡ ዝጠቐሰ ኣቶ ፍጹም፡ እዞም እንስሳታት ዘገዳም ብዝተፈጥረ ሰላምን ምርግጋእን ቀጻሪም እናበርከተ ይመጽእ ስለዘሎ፡ ብዝበለጸ ግቡእ ዕቃብ ክግበረሎም ኣዘኻኺሩ።

ንሱ ኣሰዒቡ፡ ሓራምዝ ብሰንኪ ዝሰተ ማይን ዝበልዕን ኣብ ጀረዲን ብምእታው ምስ ሓረስቶት ኣብ ቀጻሊ ግጭት እናኣተዉ ኣደዳ ሃድንን ሞትን ይኾኑ ከምዘለዉ፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብዚ ዓመትዚ ኣብ ከባቢ ገረንፊትን ኣይተርፍን 8 ሓራምዝ ተቐቲሎም ከምእተረኽቡ ብምብራህ፡ እዚ ዘሕዝን ፍጻመ ንኸይድገም፡ ነፍሲ-ወከፍ ብንቕሓት ክንቀሳቐስን ጸጋታት ሃገር ክዕቅብን ተላቢዩ።

እዚ ዝርኢ ዘሎ ግርጭታት ሓርምዝን ሓረስቶትን ንምፍታሕ፡ ካብ 1997 ጀሚሩ 13 ናይ ሕዝኢቲ ቦታታት ተለልዩ ክሰራሓሉ መደባት ከም እተሓንጸጸ ዝጠቐሰ ኣቶ ፍጹም፡ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከባቢታት ቡሬ፡ ዳህላክን ጋሽ-ባርካን ቀዳምነት ተዋሂብዎ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ብብእዋኑ ብዝተኻየደ መጽናዕቲታት፡ ብዙሒ ሓራምዝ ክሳብ 250 በጺሑ ምንባሩ፡ ክወርደም ብዝጸንሐ ተጻብኦታት ግን ከም’ቲ ዝደለ ኣይሰሰኑን ጥራይ ዘይኮነ ይጉድሉ’ውን ስለዘለዉ፡ ኣፍልጦ ሓረስቶት ናይቲ ከባቢ ክብ ንምባል ብብእዋኑ ኣስተምህሮታትን ኸሰሳትን ይካየድ ከምዘሎ ድማ ሓቢሩ።

መንግስቲ ኤርትራ ዕቃበን ምዕባለን እንስሳ ዘገዳም ንምሕያል፡ ብቑጽሪ 155/2006 ዝፍለጥ ኣዋጅ ኣውጺኡ፡ ብመሰረት ድንጋገን ዓንቀጻትን ናይዚ ኣዋጅ’ዚ ዘይሕጋዊ ምቕታል እንስሳ ዘገዳምን ብሕጊ ከምዝሕተት ይፍለጥ።

# ነበርቲ ሓጋዝ፡ ምሕጋዝ ሰድራ ሰውኣት ብዝለዓለ ክቕጽሉዎ ምኳኖም ገሊጾም

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ሰድራ ሰውኣት ንምሕጋዝን ንምሕብሓብን ብገዝዙበን ጉልበትን ዝገብርዎ ምድግጋፍ ብዝለዓለ ክቕጽሉዎ ምኳናም፡ ብዛዕባ ንሰድራ ሰውኣት ክግበር ዘለዎ ደገፍ ንምዝታይ ኣብ ዝተቓነወ ኣኼባ ገሊጾም።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ወይዘሮ ኣምና ሓጅ ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ ሰላምን ርግኣትን ዝዋሰለ ሃገር ወኒንና ልምዓታዊ መደባት ኣብ ምዕዋትን መሳብርና ኣብምምሕያሽን እንርከብ ሳላ ሰውኣት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንየም ኣብ መንገና ዝርከቡ ሰድራ ሰውኣት ምሕጋዝን ኣብ ጎንም ምኳንን ሓላፍነትን ግዴታን ከምዝለና ኣረዲኣ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ተኸለሃይማኖት መሳኤል ብወገኑ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብሓፈሻ ኣብ ከተማ ሓጋዝ ድማ ብፍላይ ንሰድራ ሰውኣት ዝግበር ሓገዝ ምሕያል ይጸንሓለይ ዘይብሎ ዕዮ ምኳኑ ብምምልካት፡ ኣብ መደባቶም ዝዓበየ ኣድህቦ ተወሂቡዎ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ምኳኑ ኣብሪሁ።

ካብ ኮሚቲ ሰድራ ሰውኣት ኣቶ ፍጹም ሃይለን ሃለቃ መድሃኔ ኣሰፍሃን ብወገኖም፡ ነበርቲ ከተማ ሓጋዝ ዝገብርዎ ሓገዝ ኪኖ መሳብርኦም ኣብ ምምሕያሽ ዝህልዎ ኣበርክቶ፡ ዝፈጥሮ ምትሕልላይን ምትሕቝቛፍን ከምዝዓቢ ጠቒሶም፡ ነቲ መሰርሕ ንምዕዋት ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣበርክቶኦም ኣብ ኩሉ መዳያት ከዕዝዙ ኣዘኻኺሮም።

ኣቡቲ ኢጋጥሚ 21 ሰብ ጸጋ ነበርቲ ከተማ ሓጋዝ፡ ነፍሲ-ወከፎም ን21 ሰድራ ሰውኣት ንሓደ ዓመት ክናብዩ ቃል ክኣትዉ እንከለዉ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ንመናበዪ ሰድራ ሰውኣት ዝውዕል ልዕሊ 270 ሽሕ ናቕፋ ከምእተዋጽኣ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ’ዚ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ፋና፡ ዓድ-ፋካይ፡ ሓሸሻይ፡ ጎልያን ሸንጌን - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ገንዘብ ብምውጻእ ንሰድራ ሰውኣት ከምዝሓገዙ፡ ካብቶን ምምሕዳራት ከባቢ ዝጽሓፍ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

# ሓበሬታ ካብ ሚ/ሪ ጥዕና ብዛዕባ ሕማም ኢቦላ

ኣብዚ እዋንዚ ሕማም ኢቦላ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣብ ሃገራት ሴራልዮን፡ ላይበርያ፡ ጊኒ፡ ከምኡ'ውን ናይጀርያ ተርእዩ፡ ክሳብ 4 ነሓሰ 2014 ኣስታት 1700 ዝኾኑ ሕሙማት ክምዝገቡ እንከለዉ ካብዚኣቶም ድማ 932 ሞይቶም ኣለዉ። እዚ ሕማም እዚ ኣብ ብዓለም ደረጃ ኣሰጋኢ እናኾነ ይመጽእ ስለዘሎ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ኩለን ሃገራት ኣብ ምክልኻልን ምቁጽጻርን እዚ ሕማም ነጠፈን ክሰርሓ መምርሒታት ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ምትሕልላፍ፦ እዚ ሕማም እዚ ብኣካላዊ ምትንኻፍ ናይ ሰባት ነዝዕታት ደምን (ተምላስ ሽንቲ ደም ቀልቀል ጥፍጣፍ ዘርኢ ፈሳሲ ወዘተ) ከምኡ'ውን ብፈሳሲ ናይ ሕሙም [ዝተለኸፈ ክዳውንቲ ኣንሶላታት ከቦርታ መመገቢ ኣቑሑት ወዘተ እዩ። ግዜ ሕቖፎ (incubation period) ናይዚ ሕማም እዚ ካብ 2 ክሳብ 21 መዓልታት ኮይኑ ክመሓላለፈሉ ዝኽእለሉ እዋን ድማ ምልክታት ካብ ዝጀምረሉ ግዜ እዩ።

ምልክታት ሕማም፦ እቶም ቀንዲ ምልክታት ናይዚ ሕማም ቅጽበታዊ ረስኒ፡ ልዑል ድኻም፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ሕማም ርእሲ፡ ነድሪ ጎረሮ ክኾኑ እንከለዉ ሰዒቦም ዝረኣዩ ምልክታት ድማ፡ ተምላሲ፡ ወጽኣት፡ ዕንፍሩር/ሽፍታ ኣብ ቆርበት፡ ወሽጣውን ደጋውን መድመይቲ ብዝተፈላለየ ክፋል ናይ ሰብነት እዮም። እዚ ሕማም እዚ ዛጊት ክታበት ይኹን ፈውሲ መድሃኒት'ኳ እንተዘይብሉ በዚ ሕማም ዝተለኸፈ ሰብ ኣብ ትካላት ጥዕና ብምኻድ ደገፊ ክንክን ክግበረሉ ይከኣል እዩ።

ዛጊት እቶም ቀንዲ ኣብ ሓደጋ እዚ ሕማም ክወድቂ ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት ጥዕና፡ ኣባላት ስድራ ወይ ቀረባ ኣለይቲ ሕሙም፡ ኣብ መእተዊ ነቑጣታት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት እዮም።

ክግበሩ ዘለዎም ጥንቃቐታት፦

. ኩሎም ትካላት ጥዕና ኣብ ተጠንቀቕ ክኾኑ

. ኩሎም ትካላት ጥዕና ኣድላዪ ዝኾኑ ኣድማሳዊ ጥንቃቐታት ናይ ምክልኻል ረኽሲታት / infection prevention ክጥቀሙ

. ንጡፍ ምክትታል ሕሙማት ኣብ ኮማት ክግበር

. ኩሎም ሰራሕተኛታት ጥዕና ብዛዕባዚ ሕማም ምሉእ ኣፍልጦ ክህልዎም

. ናብ ኮማት ዝቐርብ ንስንሳት ክተደድኑ ኮማት'ውን ሓበሬታ ክእከባን ሓበሬታ ከማሓላልፉን

. ኣብ ኢጋደሽን ዝኣትዉሉ ነቑጣታት (ኣየር፡ መሬት፡ ባሕሪ) ኩሎም ናይ ኳራንቲን ሰራሕተኛታት ዝደለ ምክትታል ክገብሩ፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ድማ ውሻብ ምኪያድ

ብዛዕባዚ ሕማም ጥርጣረ ሃልዩዎ ናብ ሕክምና ክመጽእ ዝግብኦ፦

. ምስ ሕማም ኢቦላ ሒዝዎ ዝነበረ ሰብ ቀጥታዊ ርክብ ዝነበሮ

. ካብ ብኢቦላ ዝተለኸፋ ሃገራት ኣብ ቀረባ እዋን ዝመጸ ሰብ ምስዘኸተውን'ሞ ገለ ምልክታት ምስዘርኢ

ሚ/ሪ ጥዕና ዝ ብዝምልከት ናይ ክኢላታት ኮሚቴ ኣቚሙ ምሉእ ምክትታል እናገበረ ብብእዋኑ ሓበሬታ ክህብ ምዃኑ ድማ የዘኻኽር።

# ሃይኮታ፡ ዝርግሐ ትካላት ትምህርትን ተሳታፍነት ተማሃሮን ንምምጥጣን ሓያል ጻዕሪ ከምዝድሊ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ምስ ዘሎ ዝርግሐ ትካላት ትምህርቲ ክጻጸር እንከሎ ተሳታፍነት ግን ትሑት ብምዃኑ፡ ወሃዲ ጻዕሪ ክካየድ ከምዝድሊ፡ ንጥፈታት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ንምምዛንጋም ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ተገሊጹ።

ርእሱመምህራንኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ኣብ ሙብዛሕትኦን ኣብያተ-ትምህርቲ ቀጻሪ ተመሃሮ ብሓፈሻ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ትሑት ምዃኑ ጠቒሶም፡ ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ክሒይል ጸዊዖም።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ ሓሙሽተ መውዓሊ ህጻናት፡ 14 መባእታ፡ ሸሞንተ ማእከላይን ሓንቲ ካልኣይን ደረጃ ኢያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ ዝጠቐሰ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ መምህር ዓብደላ ማሕሙድ፡ መንግስቲ ንትምህርቲ ቀዳምነት ሂቡ ብዘዕብሮ ዘሎ ወፍሪ ክርቲ ኣብ ቀረባኦም ደቆም ዘምህሩሉ ዕድል ከምእተኸፈተሎም ብምምልካት፡ ረኺቦሞ ዝለዉ ዕድል ብግቡእ ይጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ኣቶ ኣረጋይ መብራሃቱ ብወገኑ፡ ቀጻሪ ትምህርቶም ብግቡእ ዝከታተሉ ዘለው ተመሃሮ ምስ ቁጽሪ ዘለዋ ትካላት ትምህርትን ብዙሓ ህዝብን ክጻጸር እንከሎ ኣዝዩ ትሑት ስለዘሎ፡ ንምምሕያሹ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ክድፍኣሉ፡ ወለዲ ድማ ሬቡሓ ትምህርቲ ተገንዚቦም ደቆም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክልእኹን ክከታተሉን ኣተሓሳሲቡ።

# ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ጠለባት ከባቢኣ ኣብ ምምላእ ብዝለዓለ ትነጥፍ ከምዘላ ተሓቢሩ

ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ውሽጣዊ ዓቕምታታ ብምሕያልን ምዕቡል ኣሰራርሓ ብምትእትታውን ብእተፍርዮ ሕርሻዊ ምህርቲ፡ ዕዳጋታት'ቲ ከባቢ ኣብ ምርግጋእ ብዝለዓለ ትነጥፍ ከምዘላ፡ ሓላፊ'ታ ቤት-ትምህርቲ ሓው ገብረየሱስ ሃብተ ሓቢሩ።

ምስ ኤሪና ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ሓው ገብረእየሱስ፡ ዕላማ ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ፡ ካብ መላእ ሃገር ንዝመጹ ተመሃሮ ሞያን ፍልጠትን ምቕሳም፡ ከምኡ'ውን ምርምራትን መጽናዕትታትን ብምኪያድ ዓይነታዊ ምህርቲ ሕርሻ ምቕራብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምውዳድ ዘመናዊ መሳርሒን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ኣብዚ መዳይዚ ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ልዑል ኣድህቦ ተዋሂቡ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

እታ ቤት-ትምህርቲ ጥሪት ብምርባሕን ጸባን ውጽኢቱን እትምስርሕ ፋብሪካ ብምትካልን ፍርያታ ብርትዓዊ ዋጋ ንህዝቢ ተቕርብ ምህላዋ ብምጥቃስ፡ ዝፍረዩ ወይኒ እትምስርሕ ፋብሪካ'ውን ከምዘላ ፍረታትን ኣሕምልትን'ውን ንዕዳጋ ከምእተቕርብ ኣብሪሁ።

ኣካየዲ ስራሕ ናይታ ጸባን ውጽኢቱን እትምስርሕ ፋብሪካ - መንእሰይ ዓወት ንጉሰ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ጠለባት ናይቲ ከባቢ ንምምላእ ብዝበለጸ ትሰርሕ ከምዘላ ብምሕባር፡ ሮግኦ፡ ራጉታ፡ ጠስሚን ፋርማጆን ብምምስራሕ፡ ብርትዓዊ ዋጋ ናብ ዕዳጋታት ከምእተቕርብን ንዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢራ ምህላዋን ገሊጹ።

ኣካየዲ ፋብሪካ ነቢት መምህር ዳኒኤል ዑቕባሚካኤል ብወገኑ፡ እታ ትካል ጸዕናን ቀይሕን ነቢት ከምእተፍሪ 75 ሚእታዊት ካብቲ ምህርቲ ድማ ናብ ዕዳጋ ኣስመራ ከምዝለኣኽን ንዚያዳ ምዕባለ ኣብርቲያም ክዕዩ ምዃኖምን ኣረጋጊጹ።

ጥዕና ጥሪትን ጸባን ንምውሓስ ቀጻሊ ምክትታል ከምዝካየድ ዝሓበረት ሓኪም እንስሳ ወይዘሮ ሃንስ ከሰተ፡ ካብተን ዘለዋ ልዕሊ 50 ናይ ጸባ ከብቲ፡ መዓልታዊ 180 ሊትሮ ጸባ ከምዝሕለብ፡ ካብዚ እቲ ሓደ ሰሶ ብሕሳብ 20 ናቕፋ ንሊትሮ ናብ ዕዳጋ ከምዝቐርብ፡ እቲ ዝተረፈ ድማ ፋብሪካ ጸባን ውጽኢቱን ከምእትጥቀመሉ ሓቢሩ።

ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ ን126 ዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢራ ምህላዋ፡ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

# መንእሰያት፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰቦም ኣብ ምውራስን ምዕቃብን ብዝለዓለ ክነጥፉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

መንእሰያት፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተ-ሰቦም ኣብ ምውራስን ምዕቃብን ብዝለዓለ ክነጥፉ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ሃይለ ተወልደብርሃን ካብ 10 ንኡሳን ዞባታት ናይቲ ዞባ ምስ ዝመጹ ጸሓፍትን ካድራትን ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣብ ኣፍሲት ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ኣቶ ሃይለ፣ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ንዝተዓመ መደባት ብዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ህዝቢ ንቕሓቱን ውዳቤኡን ኣብርኹ ሰታፊኡ ንኽዕዝዝ፡ ኣባላት ህግደፍ ብሓፈሻ ጸሓፍትን ካድራትን ድማ ብፍላይ መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት ብሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ኣድማዒ ማእቶታዊ ንጥፈታት ከምእተሰላሰለ ብምምልካት፣ ኣብ ዝቕጽል መንፈቕ ብልዑል ሱታፌ ህዝቢ፡ ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ጀራዳትን ዓምዓምትን ዘተኩረ መደባት ክሰለጥ ምዃኑ ሓቢሮም።

ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፣ ውዳቤ ህዝብን ካድራትን ብዝሓየለ ክድፋኣሉ፣ ዝረኣዩ ጉዳያት ቅልጡፍ ፍታሕ ክረኽቡ ዝሕቱን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

መዓልታዊት ጋዜጣ
ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቀ.ስ 116266/201820(2220)
ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቀ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ. 200454
ምልክታ
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284
ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ




# ሕታም 12 ሚያዝያ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ!



ጉብረየሱስ ጹሓይ ዓዲቑደሕ ቀልቀል ምስበለት ናብ ስርሑ ክኸይድ ካብ ገዛኡ ወጺኡ። ንሱ፣ ንእግረመገዱ ጋዜጣ ምዕዳግ ዘይገድፍ ብምንባሩ፣ ነታ ናይ ሽው ዕለት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ'ውን ዓደጋ፡ ደፋኢ ኢሉ እናሰኮመ ሕልፍ ሕልፍ ክብላ ጀመረ። እንተኾነ፡ ኣብ ሳልሳይ ገጽ ዝሰፈረ ጽሑፍሲ ኣርእስታት ጥራይ ከንብቦ ንዘጽንሓ ኣዕይንቱ ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንተላይ ነተን ዝሰጉማ ዝነበራ ኣእጋሩ ሓለኸን።

እቲ ዕለት፡ ቀዳም፡ 12 ሚያዝያ 2014 ነበረ። ኣርእስቲ ናይቲ ኣዕይንቱ ዘውደቐሉ ጽሑፍ ድማ፡ "ማዝዘ ፍጻመ ሰዓት 1፡00" ዝብል ነበረ። ጉብረየሱስ ኣርእስቲ ነቢቡ ኣይገደፎን። መእተዊ ናይቲ ኣብ ዓምዲ ገጻት ህይወት ዝተሓትመ ዓንቀጽ እውን፡ "መዓስ ኮን ኢና መኪና ረኺብና ዓድና ንኣቱ ኢለ እናሓሰበኩ፡ 'ሓፍ በሊ. ቀድሚ ቀድመይ ድማ ኪዲ' ዝብል ድምጺ. ሰማዕ፡ በዢግ ብምባል ግልጽ ኢለ እንተረኣኹ፡ ሓደ ወተሃደር ሰራሕተኛ ምወፋር ኣውቶብሳት ናይቲ ዓዲ-ጀርበት ኣብ ልዕለይ ተጉቲኑ ረኣኹ" ዝብል ምስጸንሖ፡ ሓገሶ ደዩ ሰንበደ ክርደኦ ዘይክኣለ ጋሻ ስምዒት ወረሮ። ቀይምዎ ካብ ዝበረ ተኣልዩ፡ ረጊኡን ተቐሚጡን ከንብቦ ዘለዎ ጽሑፍ ምኳኑ በረህሉ'ዩ። ድሮ እውን ንድሕሪት ተመለሱስ ናብ ገዛኡ ክብል ጀመረ። ገዛኡ ምስበጽሐ፡ ጸምዋ ሕርይ ኣቢሉ ተቐመጠ። ህንጡይነቱ ከዕጉበ ዘርኣዩ ቅልጣፈ. ኣብቲ ሽዑ ንዘረኣዩ ኣገረሙ'ዩ። ነታ ፈለማ ምስ ዓደጋ ደፋኢ ኢሉ ዝኸፈታ ጋዜጣ፡ ኣብ ካልኣይ ሳዕሲ. ነታ ስምዒት ዝበደፈትሉ ገጽ ኣትሪፉ ኑቲ ኻልእ ገጻት ሰው ኣብሎ - ክይተረደአ! ነታ ኣብ መእተዊ ዘንበበ ደጊሙ ምስ ነበበ ኸኣ ቀጸለ።

ጉብረየሱስ ንባቡ እንክቕጽል፡ እቲ ኣብ ውሽጡ ዝኾማዳሕ ስምዒታት እውን እናበርተዐ ኸደ። ምስቲ ጽሑፍ፡ ሳዕንቲ ቅድመ-ናጽነት፡ ምወፋር ኣውቶብሳት ጀርበት፡ ጊያሾ ጋሽ ባርካን ሱዳንን ኣብ ኣዕይንቱ እናተሳእሉ ተራእዮሞ። ምስቲ እዋን'ቲን ምስቲ ፍጻመ'ቲን ኣእምሮኡ ስለዝተሰርቐ ድማ እቲ ቅድሚ ዕስራን ሰለስተን ዓመት ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ሽዑ እናጋጠመ ዝርእዩ ዝበረ መሰሉ ተሰምዖ። እቲ ጽሑፍ ክዛዘም ከሎ'ውን ኣይተፈለጦን። እቲ ዓንቀጽ ኣብ ምዝዛሙ 'ፈሽን ኣብዚ. ሕጂ፡ ክንዲ ሰብ ኣኺሉ፡ ሃገራዊ ግቡኣ ድሕሪ ምፍጻም ማይጉመ ኣብ ዝበሃል ዓዲ-ንኢሱ ዞባ እንዳ ገርግስ መምህር ኮይና ትጓዪ ኣላ። ንደሃይ ኣቦኣ ብዘምልከት ዝተኻየደ ፈተነታት ዕዉት ኣይነበረን። ትርሓስ(ኣደኣ) ኣብ መወዳእታ ከምዚ. ትብል፡ 'ዚያዳ ኩሉ ዘሕሰቢ ናይ ፈሽን ጓሊይ'ዩ፡ ብርግጽ ደሃይ ኣቦኣ ክንረክብ እንተተኻእል ኩሉ ጾራ ምወረደላ፡ ኣነ ድማ ሩፍ ምበልኩ' ዝብል ኣስፈሩ ረኺብዎ። ንባብ ምስወደአ፡ ንደቓይቕ ዝን በለ። ሓፍ ብምባል ኣብቲ ገዛ ምስዛረ ድማ ሓደ ሓሳብ መጸኦ።

ሮቡዕ ዕለት 11 ሰነ 2014፡ ረፋድ'ዩ ነይሩ። መምህር ፈሽን ምስ ኻልኣያ መምህር ኣብ ቤትጽሕፈቶም ነበሩ። ቅነ ምዕጻው ቤት-ትምህርቲን እዋን ፈተናን ብምንባሩ ጸብጻባት ኣብ ምድላውን ወጽኢት ፈተና ኣብ ምእራምን ድማ'የም ዝጠፍኡ ነይሮም። ኑቲ ጸዑቕ ስራሖም ክትሰብር ግን ሓንቲ ተመሃሪት ብጉያ ናብታ ቤት-ጽሕፈት ብምምጻእ ኣብ ኣፍደገ ቆመት'ሞ ዘርእያ ክሱብ ትርክብ ኣደነጸት። ፈሽን ትኹን ምስኣ ዝበረ መምህር ግን፡ ግዲ ኣይገበሩላን። ፈተና ቀልጥፍ ኢላ ወዲኣስ ብዙዕባ ዝቐጽል ፈተናታት ክትሓትት ዝመጸተየም'ዩ መሰልዎም። እታ ተጉዳሰት ዝውሓዳ ቀያሕ ተመሃሪት "መምህር ንዓኺን'የ ደልየ!" ክትብል ኣጸቢቓ ምስ ኣድመጸት ግን ክልተኦም መምህራን ግልጽ በልዋ። ፈሽን 'ንዓይ' በለት። 'እወ ንዓኺን' ምስ በለታ ድማ በዚግ ኢላ ወጸት። እታ ቀያሕ ቈልዓ ብገጽ እትፈልጣ ተመሃሪት ሓምሻይ ክፍሊ. ምኳና ምስቀረበታ'ያ ፈሊጣ። ክልተ ኣእዳዋ ንድሕሪት ጠሚራ፡ ስለዝጸንሓታ ኸኣ 'እዛ ቈልዓ እንታይ ድያ ክትብለኒ?' በለት ብልባ።

"መምህር እዛ ደብዳቤ ናባኺ.'ያ" ኣቕበላታ። ፈሽን ቀልጥፍ ኢላ፡ "ካብ መን'ያ? መን ሂቢኪ?" ክትብል ኣይክኣለትን - ውሽጣ ኣይሓገዛን። ነታ ዕሽግቲ ጾሶጣ ግንጽል ኣቢላ ርእያታ፡

ካብ ጉብረየሱስ ተስፋሰላሴ - ዓዲቑደሕ

ናብ መምህር ፈሽን - ቤትትምህርቲ ማይጉመ-ጉዘረን እንዳገርግስ

ዝብልምስኣንበበት፡ኣይኣመነትን። ኣብ ከተማ ዓዲቑደሕ ይትረፍ ደብዳቤ ዝሰደላ ብገጽ ትፈልጦ ሰብ እውን ኣይነበራን። "መን ሂቢኪ!?" ጸኒሓ ሓተተታ።

"ኣቦይ'ዩ ካብ ኣስመራ ተላኢኹ ኣምጺእዋ።" መለሰ. ናይ'ታ ተመሃሪት ነበረ። ፈሽን ሕቖኣ ሃቢታ፡ ምስጋና ክትጸብ ዝጸንሐት ቀያሕ ቈልዓ እውን ተመሳሰለ. ገበረት። ንውሽጢ. ናብታ ቤት-ጽሕፈት ክትኣቱ ኸላ፡ ኑቲ ፍጻመ ብማዕዶ ክከታተል ዝጸንሐ ካልኣያ "ናይ ድሓን ደዩ?" ክብል ተቐበላ።

ፈሽን ኣይመለሰትሉን። ነታ ዕሽግቲ ጾሶጣ ጥራይ ኣቐቢላቶ። ጸኒሓ ድማ "ከንብቦ ትብዩት ስለዝሰኣንኩ፡ ከፊትካ ኣንብበለይ" ኢላቶ። ኣንበብላ። ትሕዝቶ ናይቲ ሓጺር ጽሑፍ ድማ "ኣብ ጋዜጣ ሰእልኺን ሰእሊ. ኣደኺን ዘለዎ ጽሑፍ ምስ ኣንቢበኩ'የ ዝጽሕፈልኪ. ዘለኹ። ኣብቲ እዋን'ቲን ኣብቲ ፍጻመ'ቲን ዝወዓልኩስ ኣነ'የ። እንተኾነ እዚን ዝሰዕባ ገለ ሓደት ሕቶታት ኣለዋኒ፡ ነደኺ. ሓቲትኪ. መልስለይ" ዝብል ነበረ። እታ ጽሕፍቲ ተነቢባ ምስወደአት፡ ሰብ እምብዛ እንትተሓጉሱ ከመይ ከምዝኾብሮ ክትምስክር ክሱብ ትኽእል፡ ብርቱዕ ሓጎስ ኣብ ውሽጣ ክኾማዳሕ ተፈለጦ።

ምሸት መልሲ.ጽሒፉ። ንጸባሒቱ ምሉእ ኣድራሻኣ እንተላይ ቁጽሪ ተለፎና ኣሰንያ፡ በቲ ኣብ ውሽጢ. ደብዳቤ ዝተጻሕፈ. ኣድራሻ ናብ ዓዲቑደሕ ኣፋንያታ። ብ12 ሰነ እዩ ነይሩ እቲ ዕለት። ድሕሪ'ዚ. 13 መዓልታት ደሃይ ኣይተሰምዐን። 'በቲ ዝሓበኩዎ ሓብሬታ፡ ንሱ ከምዘይኮነ ተረዲኡ ግዲዩ ኣሰቂጡ'፡ ዝብል ጥርጣረ ኣብ ውሽጢ. ፈሽን ክኾማዳሕ ቀጸለ።

25 ሰነ ኣጋ ምሸት ሰዓት 5፡00 ተለፎን ፈሽን ተዳህያ። ሽዑ ምእንቲ መመረቕታ ሓንቲ መሓዛኣ ክትብል ኣብ ኣስመራ ነበረት። ዝተደወላ ቁጽሪ ዘይትፈልጦ ነበረ። ተቐበለቶ። 'ኣነ ጉብረየሱስ'የ' ዝብል ምስሰምዐት፡ ካብ ምንታይ ምኳኑ ዘይተረደኣ፡ ሰንቢዳ! "ኩሉ'ቲ ዝተጻሕፈ. ይኹን እቲ ብደብዳቤ ዝጸሓፍክለይ ልክዕ'ዩ። ስለዚ. ክንራኸብ!"፡ ኢልዋ። ሓጎሳ ኣብ ምቁጽጻር ዝሓመቐት ፈሽን ድማ "እሞ ንዓዲቑደሕ ዶ ክመጽካ" በለቶ። ከምዚታት ተዘራሪቦም፡ ክሱብ ዕለት ምርኻቡ፡ቀጻሊ.ክደዋወሉ፡ተሰማሚዖም፡ ተለፎን ዓጸዉ። ከምስማምዖም፡ ንጸባሒቱ ጉብረየሱስ ደወለ። "ናብ ኣስመራ ክትመጺ. ትኽእሊ. ዶ?" ኸኣ በላ። "ኣብ ኣስመራ'የ ዘለኹ" ምስበለቶ ድማ "ኣነስ ኣብ ኣስመራ እንደየ ዘለኹ" ስለዝበላ፡ ቈጸራ ገበሩ።



"ሰዓት 5.00 ናይ ምሸት ኣብ እንዳ ማርያም ኢና ተቛጺርና። ንሱ ለበስዎ ዝመጸእ ክዳውንቲ ነጊሩኒ ነይሩ። ኣብኡ ብጽሕ ክብል፡ ቅድመይ ንሱ ኣለልዩኒ፡ ኣብኡ ኸለኹ ፍዝዝ ኢሉ። እንደዒ ከም'ዚ. ተሰሚዑኒ ክብል ኣይክእልን'የ። ንሱ ኸማን ከምኡ። ኣነ ክዛረብ ኣይክኣልኩን። ንሱ ግን ክሱብ ኣብ ቤትሻሂ ሓወልቲ ንኣቱ ልክዕ ንዓይ ኢኺ. ትመስሊ! ይብለኒ. ነይሩ። በቃ እንታይሞ ክብ...ለካ!!፡ 23 ዓመታት ብዘይ... ኣቦ ነይረ፡ ኣቦ ክትረኽብ...." ኢሉ። ኣብዚ. ህሞት፡ ኣደኣ ትርሓስ ደዊላትላ። "ማማ፡ ንዓኺ'ያ ክትረኽብኻ ደልያ" ኢላ ድማ ኣቐቢላትኒ። ወይዘሮ ትርሓስ ብወገና ካብ ታሕጓስ ዝኣክል፡ ብዘይካ ንፈጣሪን ንጋዜጣን ምምስጋን ትብሎ ስኢና። እታ ብ12 ሚያዝያ 2014 ናብ ህዝቢ. ዝተዘርግሐት ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተኣምር ሰሪሓ!!




# ዳየሪ

ሱራፌል ተ/ብሩኽ

# ጥማዕ ናይዛ ሰንበት

09 ነሓሰ 2014 4:45 ድ.ቐ. ጎቦ ሞኰነን



ብቕንያቱ ክሕጉሰየ ቀንየ። ሰንበት 17 ግንቦት ዝነበረ ሃዋህው፡ ኑቲ ዝነበረ ውሽጣዊ ሓጐሰይ መሊሱ ኣስቢሑ ታህታህ ከም ዝብል ገይሩዎ እዩ። ሓድሽ ዓመት ኣዕሩኽተይን ኣነን ብሓደ ኢና ክንጽንብሎ ሓዲርና። "ንመዓልቲ ሰንበት ኣኽብር" ዝብል ቃል ኣሎ። ምስ ኣዕሩኽትና ነዛ ሓንቲ ሰንበት ኣብ ኣገደስቲ ገዛ መሓዛትና፡ ቤተ-ሰብና፡ ፈለጥቲና፡ እንዳ ሓዘንን ሓጐስን እናኸድና ከዕልልን ክንዘናጋዕን ካብ እንጀምር ኣርባዕተ-ሓሙሽተ ወርሒ ሓሊፉ ኣሎ። ናይዛ ሰንበት ግን ሕልፊ ኣለዎ።

እቲ ሓሳብ ብሮሜ ደዩ ኬ ዓርከይ ተበጊሱ ጸቡቕ ገይረ ኣይዝክሮን። ካብ ናይ ሓደ ዓርክና ቤት ሕጽኖት ምስ ወጻእናዩ ዝጀምር። ንመርዓዊ ምስ ሃኪባል ጉዲፍናዮ፡ ካብታ ገዛ ወጺእ ምስ በልና ዝሓኑል ንፋስዩ ተቐቢሉና። ከተማና ድሕሪ ዝናብ ክትዛወራ ጥዕምቲ እያ። ክንወጽእ እንከለናውን ዝናብ ጽሕዩ ስለ ዝነበረ ደስ ዝብል ኩነታት እዩ ነይሩ።

ጕዕዞና ብዕዳጋ ኣቢሉ፡ እንዳ ጡሓኒት በርበረ ሓሊፉ፡ ናብ ማይ-ልሓም ኣቢሉ። ኣብ በርገደሊ ምስ በጻሕና ናብ ሩባ ማይ-ልሓም ዘርኢ ኣጿድፍ ኴይና ብተመስጦ ንዕዙብ ነበርና። እዚ ቦታ ንዓይን ንኣዕሩኽይ ዘዕበየ ክሰሉ፡ ምስተን ከዛውረን ሒዝናየን ዝመጻእና ኣጋይሽ ግን ንባዕልና ጋሻ ኴይና ተሃኪንና ኢና። እቲ ጸፋሕቲ ጻዕዳ፡ ሽሮታይ፡ ቀይሕ፡ በርበረ፡ ደም በገዕ… ዝሕብሩ፡ ብዙተፈላለየ ሕንጻጻት ብተፈጥሮ ዝጸበቐ ኣኻውሕ፣ እቲ ቡቲ ንኣሽቱ መንጫዕጫዕታታ ክሳብ እቲ ዝነበርናዮ ዝሽማዕ ዝነበረ ውሓዚ ማይ፣ እቶም ቡቲ ልዕሊ ቢንቶ ዝሓልፉ ሰብ፡ መኪይንን ጥሪትን፣ እቲ ሃይ ክብል ዝኑበር ቀላሚኒጠሳት፣ እቲ ርእሱ ኣብ መሬት ዘደቀሰ ገመል ዝመስል ጫፍት ማይ-ልሓም፣ ወዘተ. ክንዕዙብ ስድሪ ከይከድና ሰዓት ተመርቂፉ። ወዲ 90 ካብ ኵሳትና ፍሉይ ዝኸሪ ግዲ ሃልዩዎ ዝሓዘ ሒዙ ብድሕሬና ሰሊይ እናበለ'ዩ ወዲኡዎ።

ኣብ ገምገም በርገደሊ፡ እግሪ እንዳ ፓሊስ፡ ሓንቲ ዝተደፍነት በዓቲ ኣላ። እዛ በዓቲ ደቂ ሕድሪትና ዝሰፍራላ ምኳና ይእመን ከም ዝነበረ፣ በዛ በዓቲ ኣቲኻ ብትሕቲ መሬት ኣቢልካ ዓዲ-ኩብሎ ኢኻ ትወጽእ ዝብል ብሂል ከም ዘሎ ጀምበ ገለጸልና። ኣጋይሽና ኣይኮኑን ንሕናውን ክንኣምን ኣይክኣልናን። ጽንሕ ብሂል'ዩ። እምበር ኣብ ሞንጎናን ዓዲ-ኩብሎን ኣዝዮም ዓሞቕቲ ቦታታት ኣለው። ትሕቲኦም ብውሽጢ መሬት ክትሓልፍ ዘኽእል ትንፋስ ዝርከበ'ውን ኣይኮነን። እታ ካብ ዘረባ ስሓቕ ዝቕድማ ሌዱ፡ ንጀምቦ ክትሓቶ'ኳ ሓሲባ እንተ ነበረት ስሓቓ ግን ምዕጋት ኣቢያ።

መረብ ምስ ተቐልቀልና፡ ኣብቲ ሩባ ዝውሕዝ ዝነበረ ማይ ሓሬት ኰይኑ ጸኒሑና። ሓሬት ማይ ምልክት ጥሉል ክራማት እዩ። ዋላ ደኣ ሓቒቕ ዛራኣ ሒዛ ክንርእያ ጽባቐ እንተ ሃለዎ፡ እዚ'ውን ረኺቢኡ'ዩ ዝረኸቦ። ሮሜ ብናህሪ ቀዲሙና ተዓዚረ። ኣብቲ ዕሙር ዝነበረ ሎሚ ግን ኵሉ ኣግራብ ተቘሪጹ ሽል ዝበለ ታሕተዋይ ገምገም እንዳ ዑቕባይ ወሪዱ፡ ብዕንጸይቲ ገለ ነገር ጸሓፈ። ንሕና ከኣ ክንርእዮ ተሃንደድና። ወዲ 90 ማሕስእ ሒዙ እናተሳእለ ንሕና እናስሓቕና ኑቲ ጽሑፍ ንትርጉም ነበርና፣ "S3NMEF" ንመጀመርታ ፊደላት ኣስማትና ዝሓዘት ነበረት።

ዑደትና ብመረብ ኣየብቀዐን። ናብ ጽርግያ ወጺእና ኣብቲ ዘደንቕ ድንድል ኴይና ንሰሚንን ደቡብን መስመር ናይዚ ውሓዚ ተዓዘብና። ምስቶም ኣብቲ ጫፍት ተዓኲሊሎም ዘማዕዱውና ዝነበሩ ናኣሽቱን ዓበይቲን ደበናታት ሰላምታ ምጽጋብ ሰኣናዮ። ብጽርግያ ኣቢልና ንከተማ ኣተና።


ንጻማን ተዓጺፍና፡ ንሃኪባል ሰጊርና፡ ኣብ እግሪ ጎቦ ሞኰንናት በጻሕና። ቅድሚ ክልተ ዓመት ጸጕራ ከም ዝወደአት ሰበይቲ ባዲሙ ዝነበረ ጎቦ ሞኰነን፡ ኣብዚ ክልተ ዓመት ብዝተጐበረሉ ንኡስ ጻዕሪ ግን ናብቲ ዝነበሮ ይምለስ ኣሎ። ሎሚ ከኣ ንብርኪና ዝውሕጥ ሳዕሪ፡ ጠፊኦም ዝነበሩ ሰራውን ጨዓን፡ ምስቶም ማዕረ ቁመትና ዝበጽሑ ቀላሚኒጠሳን ካልኦት ኣግራብን ተደማሚሮም ቀጠልያ ሕብሪ ኣልቢሶሞ ይርከቡ። ዝበዝሕና ኣብዚ ስራሕ ኢድና ሓዊስና ኢና። ከምዚ ኢሉ ክንርእዮ ከኣ ባህታ ፈጢረልና። ኣብ ዝጠን ጎቦ ሞኰነን ወጺእካ ንምልእቲ ከተማ ኢኻ እትርእያ። ንብራቕን ዕራብን ጸሓይን ኣብዚ ኴንካ ክትርእየን ብጣዕሚ'ዩ መቐረት ዘለወን። መጀመርታ ንምዕራብ ወገን ኢና ተዓዚብና። እታ ጸሓይ ኣብ ሞንጎ ሓይላት ደበናታት ተቐርቂራ ብጨረራ ትፋነወና ነበረት። እቲ ብሩኽ፡ ሰገም፡ ስርናይ፡ ዕፉን፡ ዝተፈላለዩ ኣሕምልቲ ዘፍረ ገላገል ጽልማ ከኣ ኣብ ትሕቲ እግርና ተሰጢሑ ረኣናዮ። ኑቲ ጂኦግራፍ ዝተማህርኦ እምቡጠቕራ'ውን ኣማዕዲና ኣርኣናዮን። እተን ኣብ እግሪ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ጽልማ ዝርከባ ዓዲታት በብሓደ ምስ ኣላለና፡ ናብ ጉዳም እንዳ ማርያም ገጽና ኣበልና። ንታሪኽ እታ ጉዳምን ኣመሰራርታኣን እቲ እንፈልጦ ውሑድ ምስ ገለጽና፡ ናብ ምብራቕ ወገን ተገምገምና። እዛ ምጭውቲ ከተማ ኣብ ቅድሜና ሻሕ ኢላ ረኣናያ። ኣብዚ ጎቦ ደይብና ጕዝና ክንረኽብ ንቃለሰሉ ዝነበርና ግዜ ቀጐልዐትና ዘከርና። ኣብ መዕረፊ ኣደይ ማርያም ሓንሳእ ምስ ተሳኣልና፡ ናብቶም ዝጸበዩና ዝነበሩ መርዓውቲ ከድና።

ነዚ ዑደት ኵልና ኣብ ባሕሪ ኩቡዲና ኣእቲና ብሕጐሳ መንፈስ ኣስተማቒርናዮ። ነጌ፡ ወዲ 90'ን ሌዱን ልዕሌና ሕጉሳት ነይሮም። ኣነ ግን ምሳኺ ከዕልል ዳርጋ ብስቕታየ ዛዚመዮ። ካብቲ ካሜራ ዝሰኣሎ ሓደ ምሳኺ የጥብቕ ኣለኹ። "ቻው!" ክብለኪ ሓሲበ ነይረ። ግን ኣይብለክን'የ ኵሉ ግዜ ምሳይ ስለ ዘለኺ።

ሳምሶም (S.M.)

# "ሕልመይ ዘግሃደ ዓርከይ!"

04 ሓምለ 2014 ሃዋኪል



ክንዲ ሰብ ኮይነ ክሓስብ ኣብ ዝጀመርኩሉ እዋን ቀዳምነት ኣብ ሂወተይ ዝብህጎ፡ ዝሓልሞን ነገር እንተደኣ ነይሩ ኰይኑ፡ ምስ ባህርያተይ ተሳንዮም ክሳልዩኒ ዝኽእሉ የዕሩኽ ምውናንዩ፡ ወትሩ ከምኡ እናሓለምኩ ከኣ ብዘይ ዕረፍቲ ክኻዓዝ ጀሚረ። ኑቶም ኣብ ጉዕዞይ ዝረኸብኩምን ዝላለዩምን፡ ንዓይ ይኹኑዩም ዝበልኩምም፡ ናይ ሕልሚታተይ ኣዕሩኽ ከኣ ናተይ ጥራይ ንክኾኑ ምእንታን ዚያዳ እሓልም። ንሕልሚታተይ ናብ ጋህዲ ንኽቕርብ ምስ ኵሎም ክላለን ክፋለጥን ግድን ኰይኑኒ።

ምስ ዝኾነ ሰብ ክትመሓዞ ቀሊል'ዩ። እንተኾነ ሰብ ካብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ከምቲ ትደልዮ ዓይነት ክሳዕ ትረክብ ብዙሕ ጻዕርን ተጻዋርነትን ይሓተካ። ምኽንያቱ፡ ደቂ-ሰብ ከምቲ ብዝሒና፡ ብዙሕ ጠባይን ኣካይዳን ስለዘለና። ገለን ንምንባሩ ትርጉም እናሃበ፡ ቡቲ ልክዕ ህይወቱ ክመርሕን ክጽዕርን እንከሎ፡ ገለን ከኣ ኣብ መኣዘኑ ዘይተፈልጠ ጉዕዞ ከንቱ ክደክም እንከሎ ትዕዘብ። "ናበይ ትኸይድ ከም ዘለኻ ዘይትፈልጥ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ዝኾነ መገዲ ከወስደካን ኩብጽሓካን ይኽእል'ዩ" ዝብል ፍልስፍና ይምህረኒ ምንባሩ'ውን ኣይሰሓትክዎን። ስለዚ'የ ድማ ካብ ከምዚ ዓይነት ኵነት ዝርሕቕ። ንፈጣሪ ድማ "ጽባቐ ህይወትን ትርጉም ምንባርን እንታይ ምዃኑ ኣጸቢቖም ኣብ ዝርድኡን ዝፈልጡን ሰብ፡ እናኣራኸብካ ኣብ ጻዕርታተይ ሓግዘኒ" ኢለ ዝልምኖ ዘለኹ።

እዚ ኵሉ ተጓዒዘካን ጸዒርካን ኣብ መወዳእታ እንተ ዘይተዓዊትካኸ? ዓወት ጥራይ ኣይኮነን፡ ክትወድቕ'ውን ትኽእል ኢኻ ዝብሉ እንተታት፡ ኣብ ኣእምሮይ እናሻዕ እናተማላለሱ ከዋጥሩኒ እፍለጠኒ'ዩ። የጉዳ ድሕሪ ምውዳቕ ምትንሳእ ከም ዘሎ ስለ ዝኣምን፡ ኑቲ ዕድመ ኣልቦ ዝኾነ ውድቀት ኣሜን ኢለ ክቕበሎ ኣይከኣልን'የ። ዘንጥመኒ ዘበለ ከከም ገጹ እናተቐበልኩ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ገጽ እቲ ዝብህጎ ዓርከይ ክርኢ'ዩ ሕልመይ። ክሳዕ ሽዑ ንኹሉ ነገር ምቕባል ሓላል'ዩ ንዓይ። እዚ ከኣ ማንም ዘይረኸቦ፡ ናይ ጻዕራማት ዓውዲ ብምዃኑ ኣብ ውሽጠይ ዝፈጥረለይ ዕጋበት ዓቢ ህያብ'ዩ። እንሆ ድማ ከም ውጽኢቱ፡ ኣብዚ ሕጂ ግዜ ኣብቲ ቅንዕናን ምጽውዋርን ዝሕላገቱ ዓውዲ ጻዕራማት ዝኾነ ቀንዲ መራኸቢ መስመር፡ ምስቲ ዝፈትዎ ናይ ሕልመይ ዓርኪ ጋህዲ ብጋህዲ ተራኺበ። እንቋዕ ሓጐሰካ ጥራይ በልኒ። ኣነ ድማ ሓጐስ ኵልና ክብለኪ። እቲ ምንታይ'ሲ ሓጐሰይ ሓጐስኪ ስለዝኾነ።

ምስዚ ድሒረ ዝተላለኹዎ፡ ዚያዳ ልዕሊ እቶም ኣቐዲመ ዝፈልጦም መሓዙተይ ዘኽብሮን ዝፈትዎን፡ ጕይታ ፍቕሪ! ጕይታ ዓቕሊ! ኰታ ጕይታ ኵሉ ጎይትኦም (ጉራ) ዓርከይ ከሳልየኒ። እቲ ታሪኽ ነዊሕ'ዩ። ብዚያዳ ናብዚ ደረጃ ንኽንበጽሕ ዘኽኣለና ግን እቲ ንሕጥፈሉ ሞያ ናይ ክልተና ሓደ ብምዃኑ እዩ። ብኹሉ እንተታትና ሓደ ንኽንከውንን ድልዱል ዕርክነት ክንምስርትን ዝሓገዘና ስራሕና'ዩ። እንዓጾ ስራሕ ብምትሕግጋዝን ምርድዳእን ስለ እንዓሞ፡ ብእንሰርሖ ክልተና ንዓግዙብ። ቀንዲ መለለዪ ናይ ጽቡቕ ዕርክነት፡ ምትሕግጋዝን ቅድሚ ብጻይካ ምሕላፍን ምዃኑ ነዚ ወኸይ ዝኾነ ዓርከይ ምስ ረኸብኩ ሎሚ ተፈሊጡኒ።

ሕጂ ምስ ገለ ውሑዳት ጀምዓ ኴይና፡ ኣብታ ኣብ ውሽጢ ኣስመራ ትርከብ ሓዳሽ መዘናግዒት (ሃዋኪል) ኢና ዘለና። ኣብቲ ብልሙዕ ሳዕሪን በብዓይነቶም ኣትክልትን ተኸቢቡ ዝርከብ ካንሸሎ እናተዛወርና፡ ንሰኣል፡ ነዕልል፡ ጸኒሕና ድማ ሻሂ ንሰቲ። እዛ ናይ ሎሚ ኣጋጣሚ ብዚያዳ ንጎይትኦም (ጉራ) ዓርከይ ጽብቕቲ ኣጋጣሚ'ያ። ምኽንያቱ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ንሓደ ዓመት ብመገሻ ክፍለ ስለዝኾነ። ክሳዕ እታ ንሳዋ ዝበገሰላ ሰዓት ኣብ ገጉ ክህሉ'የ። እዋይ እዚ ምፍልላይ ኩሓስም ዳኸረይ! ድሮ'ኳ ክደናፈቕ ጀሚረ። ብዝኾነ ጽቡቕ ዕድል ንዕኡን ንደቂ ዙርያኡን!!

ቴድሮስ ግደ (ወዲ እምባየ)

# "ስለምንታይ'የ ኣፍቂረ"

21 ነሓሰ 2013 ረቡዕ 9:30 ድ.ቐ.



ሰብ ከመይ ጌሩ'ዩ ዘፍቅር? ፍቕሪ በዚ መዓልቲን ሰዓትን'ዩ ሒዙኒ ክብሃል ይኽእል ደዩ? መዓስን ብኸመይ ከም ዘፍቀርኩ ክምልስ ብዙሕ ግዜ ሓሲበየ። ቡቲ ኰይኑ ቡቲ ግን ኣፍቂረ ኣለኹ። "ፍቕሪ ስለምንታይ ኢሉ ኣይሓትትን'ዩ" ክብሉ ሓቂ'ዩ። ስለምንታይ ተፍቅር ክትምልስ ኣይትኽእልን ኢኻ። "ስለምንታይ ነዚ ኣፍቂርኪዮ" ዝብለኒ ሰብ ዓሻ ጥራይ እዩ።

ኣነ ከፍቅር እንከለኹ እንታይ'ዩ ሒዙኒ ክምልስ ጽቡቕ እዩ ኢለ እሓስብ። ንክልተኻ ዘራኸበካ እንታይ እዩ ጋሊኡካ ክትረኽቦ ጽቡቕ እዩ። ቃላቱ፡ ፍሽኽታኡ፡ ኣኩዓድናኡ፡ ምስ ሰብ ዘለዎ ኣቀራርባ… ኰታ ኵሉ ነገሩ'ዩ ዝምስጠኒ። ኣዒንቱ ቀሊሕ ኢለን ክጥምታኻ እንከለዋ ኣብ ልብኻ ዝኣቱ ገለ ነገር ኣለወን። ቃላቱ ረዚን'ዩ። ጥዑም ዕላሉ ምስቲ ዝሕውሰሉ ዋዛ ንኣእምሮኻ ክገዝእ ዘጽግም ሓይሊ ኣለዎ። ሰሩዓት ኣስናኑ፡ ጽቡቓት ከናፍሩ ምስ ጋለሆን መስመስ እናበላ ዓይንኻ ይወግኣኻ። ኵሉ ተደማሚሩ ሃዋህው ይመልሰልካ። ከይፈተኹ እናሻዕ ክትርእዮ እደሊ። ጽፈት ኣኩዓድናኡን ኣቀራርባኡን ዚያዳ ብኹሉ ክፍቶ የኽእሎ።

"እዚ ጥራይ ድዩ ዘለዎ?" ኣይትበሉኒ። ልዕሊ መልክዑን ጽፈቱን ቁምነገሩ ይምዝን ዳኾረይ። ኣብ ግዜ ስራሕ ውኖኡ ምስኡ የለን። እታ ዝሰርሓ ትዕበ ትንኣስ ብጽፈት'ዩ ዝሰርሓ። መንፈሱ ንስራሕ ክፉት'ዩ። ነዚ ዘፍቀርኩ'ሞ ንመንየ ከፍቅር። ብኹሉም ናይ ስምዒት ህዋሳተይ ተመዚኑ ዝወጽአ ኣበር ዘይብሉ። ነዚ ልበይ ወሲዱ ዘሎ ወዲ "ስለምታይ ኣፍቂርኪዮ?" ጌጋዶ ኣይኮነን። "ስለምታይ?" ክበሃል ኣይክኣልን'የ። እቲ ዝሕዘካ ክትፈልጥ ግን ዝከኣል እመስለኒ። ንዓይ ከኣ እዚ ዘዕለልኩኺ'ዩ ዝሕዘኒ። ምስኡ ክህሉ እንከለኹ ፍጹም'የ ዝረግእ፣ ምሉእ ውሕስነት እስምዓኒ፣ ብእኡ እምበር ብኻልእ ኣይግደስን፣ ሓሳብ ውሽጠይ፡ ጭንቀት ናብራይ ኵሉ ከም ትኪ ይበንን፣ ኣፍካ ዘየኽድን ዋዛኡ ከኣ ልበይ ሓጐስ ይመልኣ። ልዕሊ እዚ'ሞ እንታይ ኣሎ'ዩ። ርግኣተይ፡ ሰላመይን ሓጐሰይን ምስኡ'ዩ።

እንታይ'ዩ ኣፍቂርኪዮ ዝብል ሕቶ መሊሱ'ዩ ፍቕሪ ዘውሰኸለይ። ፍቕሪ ነውሪ'ኳ እንተ ዘይኰነ፡ ኣፊይ መሊአ ኣፍቅረካ'የ ኣይበልኩዎን ብርግጽ። ኣነ ፍቕሪ ምሃብ ምዃኑ'የ ዝኣምን። ወትሩ ፍቕረይ ክህቦ እየ። ኣነ ፍቕሪ ክሁብ ከም ዝጐብኣኒ'የ ዝፈልጥ። ክመልኣለይ ምእንታይ ፍቕረይ ክርድኣለይን'ሞ ከምቲ ዝስምዓኒ ክስዕሞ እምነ። ክሳዕ ሽዑ ግን ምፍቃሩ ኣየቋርጽን'የ።

ወጋሒታ

# እንታይ ትመኽሩኒ

ጥዑምዝጊ ተሰፋይ

## ወዲ ንኽፍቕረኒ . . .

***ዝፈትወኒን ዝፈትዎን ወዲ ክረኽብ ድልየት ኣሎኒ። ምስ ብዙሓት ኣወዳት ዝላለ እንተ ኾንኩ፡ ምስ ወዲ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ከም ቃሕታይ ክዕልልን ክኸውንን ኣይክእልን። ብሰንኪ ሚላ ዘይምፍላጠይ ግዲ ኩይኑ ድማ፡ ዝተላለኹዎ ወዲ ኣብ ዝቐጽል እምነት ብዙሕ ኣይግደሰለይን። ኣነ እውን ከዕድሞ ዓቕሚ እሰእን። ወዲ ንኽፈትወኒ ብልክዕ ኣዘራርባ ኣብ ፍቕሪ ንኽእትዎ ዝሕግዘኒ ማዕዳ እጸበ።***

**ኣዛሚት ባረንቱ**

ዝኸበርኪ ኣዛሚት - ብርግጽ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ከምዚ ናትኪ ዝኣመሰለ ጸገም ኣለወን። እዚ ጸገም እዚ ብቐዳምነት ናብ ገዛእ ርእስኺ ብምጥማት ኢኺ መፍትሒኡ ክተለልይዮ ትኽእሊ። እቲ ንደቂ ኣንስትዮ ዝዘዓደለ ፍሉይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ምስሓብ ሓይሊ፡ ኣበየናይ ሸነኽኪ ከም ዘሎ ኣስተብህሊ። ምስ ወዲ ተባዕታይ ኣብ እትቐርብሉ ብፍላይ ድማ ክትፍቀሪ ሃንቀውታ ኣብ እተሕድርሉ እዋን ንፍቕሪ ዝዕድም ስንቂ ክትማልኢ ኣለኪ። ጥራይ ኢድኪ ኮሊል እንተ በልኪ፡ ወይ እውን ከም ዝኸኣ ሰብ ኴንኪ እንተ ቀሪብክዮ፡ ካብ ሓላፍ መንገዲ ፈልዩ ኣይክርእየክን እዩ። ንዓኺ ከዘኽሮ ዝኽእል ተምሳጥ ስለ ዘይገደፍክሉ እውን ንጽባሒቱ ብኣኺ ኣይሓስበን። ገለ ክጠቕመኪ ይኽእል እዩ ዝበልናዮ ሓበሬታ ወሲ ክንበለልኪ፦

- ንገዛእ ነብስኺ ተኸናኺንዮ፡ ጸርየት ኣካላትኪ ብዕቱብ ተኸታተሊ፡ ተጸባበዪ። ኣድላዪ ኩይኑ እንተ ረኺብክዮ እውን ብሰብ ፍልጠት ዝተደገፈን ዘመልክዐልክን መጸባበቒ ክትጥቀሚ ትኽእሊ ኢኺ። ጽቡቕ ጨና ምጥቃም እውን ኣይጽላእን። ኣከዳድናኺ ብዕቱብ ተጠንቀቕሉ። ወጀሃላይ ትኾንዲ እንተ ኴንኪ ብኡ መጠን ሂወትኪ እውን ወጀሃላይ ክመስሎ ስለ ዝኽእል፡ ካብ ፈለማ ከይግደሰልኪ ይኽእል እዩ። ኣካላትኪ ጽቡቕ ትርኢት ምስ ዝህልዎ፡ ምስ ሰብ ኣብ እትሕወስሉ እዋን ርእሰ ተኣማንነት ከውስኸልኪ እዩ።

ናይ ገዛእ ርእስኺ ቅዲ ኣቀራርባ ናብ ደቂ ተባዕትዮ ኣማዕብሊ። ኣዕላልትን ሰላቂትን ክትኮኒ ደዩ ባህ ዝብለኪ? ትሕትና ዘለኪን ዝያዳ ኣብ ክብሪ ደቂ ተባዕትዮ እትግደሲን ዲኺ ክትኮኒ ትደልዪ? ናይ ወሻጥኺ ድልየት ፈቲሽኪ ብብእዋኑ ተለማመድዮ።

ኣቀባብላኺ ደረቱ ዝሓለፎ ፈኸስከስ ከይመስል እናተጠንቀቕኪ፡ ፍኹስ ዝበለን ፍሽኽታ ዘሰዮን እንተ ኾነ ይምረጽ። ገጽኪ - ኣብ ተጠንቀቕ ዘሎ ወታሃደር ተምሰልዮ እንተ ኴንኪ ግን፡ ወዲ ተባዕታይ ህድማ እዩ ዘዋጽኦ።

ስምዒታትን ድልየታትን ናይ'ቲ ወዲ ኣስተብህሊ። ንኽልተኹም ዘራኽበኩም ዛዕባ እንተ ኣስተብሂልኪ ዕላልኪ ብዛዕብኡ እንተ ኾነ ይምረጽ። ንኣብነት ኣብ ስፖርት ግዱስ እንተ ኾይኑ ኣብ ዕላሉ ተጸንበሪ። እዚ ማለትና ዘራኽበኩም ዛዕባ ኣለልዩ ማለትና ደኣ'ምበር፡ ኣብ ዘይትፈልጥዮ ዓውዲ ጠበሎቕ በሊ ማለትና ኣይኮነን። ምስቲ እትቐርብዮ ሰብ ዝኸኑ ዘራኽብ ነገር እንተ ዘይብልኩም ግን ብኣጋ ክትቀብጽዮ ኣለኪ። ምኽንያቱ ንሓዋሩ እውን ክትጋጠሙ ከጸግመኩም ስለ ዝኾነ።

ክትዛረቢ ዕድል ኣብ እትረኽብሉ እዋን ኣብ ጸቡቕ ኣርእስቲ ኣተኩሪ። ዕላልኪ ቆሎ ጥጥቖ እንተ ኾይኑ ክስልክዮን ነዊሕ እዋን ምሳኺ ኮፍ ክይብልን ይኽእል። ብዛዕባ ጸገማትኪ ምጊን ኣይትብልሉ። ዝኾነ ይኹን ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸገማት ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ርእሲ ጸገሙ - ጸገም ተኸልኩሉ ዝቐርቦ ሰብ ከም ዘይደሊ ተገንዘቢ። ጸገማትኪን ካልኦት ከበድቲ ኩነታትኪን ዓሚቝ ሌላን ፍቕርን ምስ መስረትኩም ክተርኽብሉ ኢኺ። ክሕግዘክን ክግደሰልክን እንተ ኾይኑ ድማ ብልቡ ከፍቅረኪ ኣለዎ። ኣብ ቀድመኡ ሰቦት ኣይትሕመዩ።

ገዛእ ርእስኺ ኩኒ። ዝኾነ ይኹን ወዲ ዘይንሳ ክትከውን እትፍትን ጓል ኣይፈቱን እዩ። ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ፡ እንሓንሳብ ሃብታማት፡ እንሓንሳብ ብሹሕ ደቂ ተባዕትዮ ከም ዝህድና፡ እንሓንሳብ እንዶ ኣብ ዘይብለን ኣርእስቲ ጠበሎቕ እናበላ ፈላጣት ክመስላ ከሰረን እየን'ሞ ካብ ዘይንስኻ ምምሳል ተጠንቀቒ። እዚ ማዕዳ ምስ ናይ ገዛእ ርእስኺ ሚላ ኣላፊኺ ክትጥቀምሉ ፈትኒ። ኣሳልጦ ንምነየልኪ!



# ብቕንኢ ተሳቕየ



***ኩሉ ሰብ ከማይዶ ይኸውን እናበልኩ ወትሩ ምስ ተጨነቕኩ እየ። ዘጨንቀኒ ድማ ኣመና ቀናእ ብምዃነይ እዩ። ኣዕሩኽተይ፡ ፈተውተይ ይኹኑ ብቐረባ ዝፈልጦም ሰባት፡ ጽቡቕ ነገር እንተ ረኺቡ ከም'ኣ'ቶም ዘይኩኑኩ ኢለ ብቕንኢ እሓምም። እንታይ ዘቕንእ ኣሎ፡ ኣነ ብንቕመይ ዘይነብር እናበልኩ እሓስበ'ሞ፡ ኣብ ግብሪ ግን ወሓንቲ ምምሕያሽ ኣየምጸእኩን። ቅንኢ ካብ ምንታይ እዩ ዝብገስ ብኸመይከ ክቆጻጸሮ እኽእል?***

**ደሳዪ ምኽሪ - ካብ ኣስመራ**

ቅንኢ፡ብዮቐንን ኑብሲ ወከፍ ውልቀ ሰብ ብዘሀዎ ግብረ- መልሲን ይፈላለ ደኣ'ምበር፡ ልሙድ ባህሪ ደቂ ሰብ ከም ዝኾነ እዩም ግዱሳት ናይ'ዚ ዓውዲ ዝገልጹ። በዚ ኩይኑ በቲ፡ ቅንኢ ብሕማቕ ኣተሓሳስባታት ከም እትምረዝ ካብ ምግባር ሓሊፉ፡ ወላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን እውን ይብሉ። ቅንኢ - ኣብ መንጎኻን መንጎ እተፍቅሮም ሰባትን ሕማቕ ሳዕቤን ከኸትል ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ብሰሪ ቅንኢ - ክትፍጽሞም ደስ ዘይብሉኻ ሓያሎ ሕማቓት ነገራት ክትገብር ትኽእል።

ብሰቡብ ናይ ቅንኢ እተሕድሮም ሕማቓት ስምዒታትን ኣተሓሳስባታትን ኣብ ሓደ እዋን ጸሪጉካ ንኸተጥፍኦም ዘሸግረካ እንተ ኾነኳ፡ ልባዊ ድልየት ኣሕዲርካ እንተ ተበጊስካ ግን፡ ቀስ ብቐስ ከም ዝኾነ ባህሪ ወዲ ሰብ ክመሓየሽ ከም ዝኽእል ፈላጣት የገንዝቡ። ካብ ቅንኢ ንምድሓን ክጠቕሙና ዝኽእሉ ሜላታት ድማ ይዝርዝሩ፦

ፈለማ ኑቶም ከም እትቐንእ ዝንብሩኻ ነገራት ኣስተውዕሎም። እንታይ ምስ ዘጋጥመካ ኢኻ እትቐንእ - ንኣብነት

- ናይ ልቢ ዓርክኻ ምስ ካልኦት ሰባት ክጻወትን ክሕጎስን እንተ ርኢኻ?
- ንስኻ ብዘሰራሕካዮ ስራሕ፡ ካልእ ሰብ ክውደስ ምስ እትሰምዕ ወይ ድማ ሓደ ሰብ ጽቡቕ ነገር ብምብርካቱ ብኻልኦት ሰባት ክሕደን ዝና ክትርፍን እንተ ርኢኻ?
- ሰባት ጥቡቕ ዕርክነት መስሪቶም ንሓድሕዶም ክተሓላለዩን ክሕጎሱን ምስ እትርኢ? . . . ብኸምዚ መንገዲ እቶም ዘቕንኡኻ ክስተታት ፈሊኻ ፍለጦም።

- ካብ ቅንኢ ዘኾሎግል ፍቱን መድሃኒት ርእሰ ተኣማንነት ምሕዳር እዩ። ቅንኢ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ብዘለካ ዘይውሑስ ናይ ምዃን ስምዒትን ትሑት ክብርን (low self-worth) ዝቐል እዩ። ርእሰ ተኣማንነት ዝጎደሎካ እንተ ኾይኑ፦
- ናይ ዝቐንኦ ሰብ ተግባራት ካብ ምፍጻም ክትቁጠብ ጸዓር። ኣብ ክንዳኡ ከም ዘይቀናእካ ኴንካ ቅንኢ ዘይሰምዖም ሰባት ዘዘውትሩዎ ባህርያትን ነብራቓትን ኣርኢ። ንኣብነት - እታ ዘፍቀርካያ ጓል ምስ ካልእ ወዲ ኣብ ዕላል ተጸሚዳ ኣላ እንተ ኴይና፡ ብዕርክነታዊ መንፈስ ኣብ'ቲ ዕላል ተሓወስ። ሓደ ሰብ ጽቡቕ ስራሕ ወይ እዮት እንተ ረኺቡ፡ ኣብ ክንዲ ከተኻእሶ ወይ ክትሓምዮ ግዜኻ ተሕልፍ፡ ቀሪብካ እንቋዕ ሓጎሰካ በሎ። ከምኡ እንተ ድኣ ገይርካ፡ ስምዒታትካ ቀስ ብቐስ ምስ ግብርኻ እናተመሓዘዉ ክመጽኡ እዮም። ሰባት ዕውታት ንክኾኑ ደገፍካ ምስ ዝደልዩ ሓግዞም። እቲ ዝወሰድካዮ ጽቡቕ ስጉምቲ ሕልናዊ ዕረፍቲ ክህበካ እዩ።
- ብቕንኢ ተበጊስካ ኣዕናዊ ስጉምቲ ክትወስድ ኣብ እትደፋፋኣሉ እዋን ንስምዒትካ ዕገት።
- ኣብ ሰባት ዘሎ ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ነብስኻ ከም ዘሎ ገይርካ እመን። ኣብ ገዛእ ርእሶም ዝተኣማመኑ ሰባት ሰብ ምስ ዝጠልሞም ወይ ምስ ዝርሕቖም፡ ልቦም ኣይሰብርን። ባህሪ ደቂ ሰባት ኣዳዕዲያም ስለ ዝፈልጡ፡ ተጸሊኦ ወይ ተጠሊመ ኢሎም ንገዛእ ነብሶም ከም ፍንፍንቲ ቆጺሮም ኣይብእሱዎን እዮም። ምስ ካልኦት ሰባት ጠቓሚ ዝምድና ክፈጥሩ ከም ዝኽእሉ፡ ወይ እውን ዝተበላሸወ ርክቦም ናብ ሰናይ ክመልስዎ ከም ዝኽእሉ እምነት ኣለዎም።
- ሰባት ብዘይተጸበኻዮ መንገዲ ካብኻ ክርሕቁ ወይ እውን ክዕወቱ እንተ ረኣኻ፡ ንስኻ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጸባቓ ዘለካን ንብይንኻ ጸገማት ክትሰግርን ክትዕወትን እትኽእል ሰብ ምዃንካን እመን። ንዘጥሙኻ ዘይቅዱዋት ነገራት ሓድሽ ምህሮ ክትረኽበሎም ጽዓር ደኣ'ምበር፡ ሰባት ስለ ዝረብሑ ብቕንኢ እናተሓመስካ ግዜኻ ኣይተጥፍእ። ኣብ'ዛ ዓለም ብዙሕ ዝግበር ነገራት ኣሎ። ኩሉ ኣብ ዓውዱ፡ ከከም ስምዒቱ ክኡብርን ክዕወትን ላዕልን ታሕትን ይብል። ንስኻ እውን ብእትዕወተሉ መዳይ ተጓዓዝ። ተኾይጥካ ብዓወት ናይ ሰባት ክትቀንእ ክትንብር እንተ ኴንካ ግን፡ ብናህሪ ንድሕሪት ትውንጨፍ ከም ዘለኻ ብኣጋ ተገንዘብ።
- ንገዛእ ርእስኻ ምስ ካልኦት ሰባት ኣይተወዳድራ። ልክዕ ከማኻ - ካልኦት ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ዓቕሚ፡ ኣተሓሳስባ፡ ስምዒት፡ ባይታ፡ ጸገማት. . . ኣለዎም። ንገዛእ ነብስኻ ምስ ገዛእ ነብስኻ ጥራይ ኣወዳድራ። ትማልን ሎምን ዝሰራሕካዮ ብምንጽጻር ክሳብ ክንደይ ከም ዝዓበኻ ወይ ዝወደቕካ ብምስትብሃል፡ ለውጢ ክትገብር ዘድልየካ እንተ ኮይኑ ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ።

እቶም ዘቕንኡኻ ሰብ ዝናን ውሩያትን ሰባት ከይተረፉ፡ ንዓኻ ዘይረኣዩካ ናይ ገዛእ ርእሶም ጸገማት ኣለዎም። ኩይኑ ግን፡ ንጸገማቶም ክስዕሩ ወትሩ እናተቓለሱ እዮም ኑቲ ደረጃ በጺሖም። ብደገኡ ዕውት ኩይኑ ዝረኣየካ ሰብ፡ ውሽጡ ብዝተፈላለዩ ድኻማት ዝማህመነ ኩይኑ ክጸንሓካ ይኽእል እዩ። ናብ ዓወት ዘብጽሐ ጸባቕ ደቂ ሰብ፡ ኣብ ውሽጢ እዩ ዘሎ።

ናብ ሕጽረታትካ ጥራይ ኣብ ክንዲ ምቁማት፡ ብዛዕባ'ቶም ጽቡቓት ሸነኻትካ እናሓሰብካ እወታዊ ኣተሓሳስባ ክተሕድር ፈትን። ንዓኻ ጥራይ ዝተዓደለካን ካብኻ ወሊሓደ'ኳ ክወስዶም ዘይክእልን ኣካላውን መንፈሳውን ትዕድልትታት ኣለኻ።

- ሰባት ይጸልኡኒ እዮም ዝብል ደረት ዘይብሉ ስምዒት (paranoia) ኣካል ናይ ቅንኢ ብምዃኑ ንገዛእ ርእስኻ እንተ ድኣ ኣፍቂርካዮ ሰባት ከም ዘፍቅሩኻ ክትግንዘብ ኢኻ።
- ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዝዓመምካዮም ዕማማት ብምዝካር፡ ኣብ ፍሉይ ትዕድልትኻ ብምስትብሃል "ኣነስ ናይ ብሓቂ ዕድለኛ'የ" እናበልካ ተሓጎስ። ልዕሊይ ኣለዉ ኢልካ ብእትግምቶም ሰባት እናሓሰብካ ካብ ምሕማም፡ ንብዙሓት ከም ናትካ ዘይረኸቡ እናሓሰብካ "ተመስገን" በል። ኣብ ከብዲኻ ብሕማም ዝሳቐዩ፡ ሰንከላን እኹል ድራር እሉት ዘይብሎም ከም ዘለዉ ዘክር።

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ምልክታ


ኣቶ ቴድሮስ ቦኽረጽዮን መሓሪ ዝተፈቕደሎም ናይ መጻረይ ማይ ንግዳዊ ትካሎም ''ዳዱ ትካል መጻረይ ማይ''(DADU WATER TREATMENT AND BOTTLING) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም እካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ


## ብስራት ንተመሃሮ 1ይ ዓመት ኮለጃት

ኣብ ካልኩላስ (ማተማቲክስ)፡ ከሚስትሪን ፊዚክስን ንኽትዕወቱ፡ ነዘን 3 ኣገደስቲ መጻሕፍቲ ተጠቐሙ።

**FUNDAMENTAL CALCULUS** by Hanibal Tekeste




**COLLEGE CHEMISTRY** by Ghirmay Araya




**COLLEGE PHYSICS** by Solomon W/gaber



**ትሕዝቶ መጻሕፍቲ**

- ✓ ብሩህ መግለጺ ኣምራት
- ✓ እተፈላለዩ ኣብነታት
- ✓ እተፈትሑ ግድላት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

**ጥቕሚ መጻሕፍቲ**

- ➢ መምሃሪ
- ➢ መወከሲ
- ➢ መለማመዲ
- ➢ መገምገሚ
- ➢ መዳለዊ ንወሰንቲ ፈተናታት
- ➢ መሰረት ንዝለዓለ ትምህርቲ

**ሓገዝቲ፡ ወሰንትን ኣጠቓለልትን መጻሕፍቲ!**

ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሖናልኩም ኣለዋ።
ንሓበሬታ፥ 07237770 /07269756 / 07142402




ንቀዳምን ሰንበትን 9ን 10ን ነሓሰ 2014
**ኣብ ሲኒማ ኢምፔሮ**

## መጽሓፍ "ኮኾበይ ኮኾባ"

- ትዕድልትና፡ ባህርያትናን፡ ተውህቦናን እተፍልጠና
- ነቲ ዝቕየር ትዕድልቲ ንኽነምሓይሽ፡ ነቲ ዘይቅየር ድማ ኣብ ረብሓና ንምውዓል እትሕግዘና
- ዘገድሱና ንምሕዃስ ዘኽእለና ምኽሪ እትህበና
- ብሰሪ ዘይምፍላጥና ንዘይንፈጥሮ ሕጉስ ጽምዲ ብምርካብ ንሂወት ኪኖ ዕድል ምርጫ ናይ ምግባሩ ዕድል እትኸፍተልናን መጽሓፍ!!!

♉ ኣስትሮሎጂ ከም ሕጊ ሂወት!

ኣብ ዝተፈላለዩ ስቴሽነሪታት፡ ቤት መጻሕፍቲ ኣውገት፡ ሃገር ቤት መጻሕፍትን ካልኦትን
ቴለ 07114373/07318062

## Abeba Hair Dressing Training Center
## መሰልጠኒ ስነ-ጽባቐ ኣበባ

ትካልና ንኩሉ ደላዪ ትምህርቲ ስነ-ጽባቐ ብሙኩራት መማህራንን ብዓለምለኻዊ መጽሓፍቲ ተመርኩስና (Theory and Practical) ስልጠና ንህብ።

<u>እንህቦ ትምህርቲ</u>

※ መባእታ ትምህርቲ ሞያ ስነ-ጽባቐ
※ ኣነቓቕሻ (ምንቃሸ ንምህር)
※ ናይ ኢድን እግርን ምጽብባቕ (Manicure and Pedicure) እዝን ካልእን ንምህር
* ያታውን ዘመናውን ቁቦ
* ዝተፈላለዩ ዲዛይናት ኣፈሻሽላ

ኣብ መወዳእታ ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ቅቡል ዝኾነ ምስክር ሰርቲፊኬት ንህብ ምዃንና ንሕብር።

ብልጫታትና

- ኢንተርናሽናል መወከሲ መጽሓፍቲ
- ንምምሃር ምቹእ ዝኾነ ቦታ

ኣድራሻና
ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ፊት ላተርያ ላ ዶልቸቪታ ጎኒ ኣድቫንስድ ኮምፒተር
ቁ.ቴሌ ኦፌስ 110418 ሞባይል 07418647

## ምልክታ


ብስም በዓል ቤተይ ነፍ/ኣብርሃም ኣረይ ዓብደላ፡ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና 119-1 ዚፕ 1A119 ቁ.ገዛ 15 ዝርከብ ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 59527 ጠቕላላ ቁጽሪ መዝገብ 98112 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣና፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07179827 ወይ 07168336 ክትሕብሩኒ፡ እንተዘይኮነ መተካእትኡ ክሓትት ምዃነይ ይሕብር።

ወረ/ነፍ ኣብርሃም ኣረይ ዓብደላ
በ/ቤቶም ወ/ሮ ለተኺዳን ፍስሓጽዮን

## ምልክታ

ትካልና ቤት ሕጽቦ ሰናይ ኣብ ኣስመራ ጎደና ከረን ቁ.35 ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ትካልና ካብ ስራሕ ጠጠው ክብል ስለዝኾነ፡ ኣብ ትካልና ንብረትን ካልእን ዘለኩም ዓማዊል ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክትወስድዎ፡ ካብዚ ምስ ዝሓልፍ ግን ተሓታቲ ከምዘይኮና ብትሕትና ንሕብር።

ቤት ሕጽቦ ሰናይ




## ሓዳስ መጽሓፍ

- 11 ሓጺር-ዛንታታት
- ዛንታታት ቀጐልዕነት
- ዛንታታት ንእስነት
- ዝተፈላለየ ቅዲ-ኣጸሓሕፋ
  - ክውንነታዊ
  - ፋንታዝያዊ
  - ቾኮቭያዊ
  - ትልሚ-ኣልቦ
  - ማጂካዊ ክውንነት...

ኣብ ኵሉን ኣብያተ-መጽሓፍ ተዘርጊሓ ኣላ
ተሌ፡ 07118114 - ኣኽደር

... ብኣቀራርባኡን ፍሉይነት ዘለወን ሓጺር-ዛንታታት "ተረፍ"፡ ንምዕባለ ስነ-ጽሑፍ ሃገርና፡ ብሕልፊ ድማ ንቕዲ ኣጸሓሕፋ ሓጺር-ዛንታ ንቕድሚት ዘሰጕማ እየን።

ሰለሙን በርሀ - ደራሲ "ወፍሪ ስግረ-ዶብ"

* * *

... ነዚ ንነብሮ ዘለና ግዜን መንፈስናን፡ ትርጉም ህይወት፡ መስዋእትን ሓቂን፡ ንሰብን ሕልናኡን ብዕምቈት ጽሒፉሉ። ገለ ካብ'ዘን ዛንታታት ከም ግጥሚ ደጋጊምካ ንኽተንብበን ይድርኻኻ'ሞ፡ እንደገና ሓድሽ ሓሳብን ዓሚቕ ትርጉምን ትረኽበለን።

ግርማይ ዮሃንስ (ሳንድያጎ) - ደራሲ "ዘልኩ ደኣ"

* * *

እኩብ ዛንታታት መጽሓፍ "ተረፍ" ንዝተፈላለየ መድረኻት ህይወት - ካብ ህንጡይነት፡ ንጽህናን ስእለ-ኣእምሮ ህጻናትን ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ፍልስፍና ህይወት ማለት፡ ንሞትን ህይወትን፡ ፍቕሪ፡ መስዋእቲ፡ መን ምዃንካ ምፍላጥ ወዘተ. ዝውክሉ ዛንታታት ሒዛ ብውሕሉልን ዕምቈት ዘሎዎ ኣቀራርባን ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ።...

ራሄል ኣስገዶም ዘርአ - ደራሲት "Before She Breaks My Heart"

# JOB DESCRIPTION

| | | |
|---|---|---|
| **Official Job Title:** | **Assistant Representative Duty Station: Asmara, Eritrea** | |
| **Grade (Classified)** | **NO-D CCOG: 1.A/1.L** | |
| **Post Number:** | **6426** | |
| **Post Type:** | **Rotational Non-Rotational** | |
| **Classification Authority:** | | **Date:** |

## 1. <u>Organizational Location</u>

The Assistant Representative is located in Country Offices (CO) and reports to the UNFPA Representative or Deputy Representative. S/he acts on behalf of the Representative/ Deputy Representative/ Country Director in his/her absence.

## 2. <u>Job Purpose</u>

The Assistant Representative has a dual role. S/he is the primary implementer of the Country Programme as well as playing a leadership role with a programme team in the country office. The assistant Representative substantively contributes to the management of UNFPA activities in the areas of population and development, reproductive health and gender. Acting as an analyst/advisor, the Assistant Representative proactively provides the Representative or Country Director with information on achievement of results in the implementation of UNFPA programmes.

## 3. <u>Major Activities/Expected Results</u>

- Conducts substantive policy dialogue with Government counterparts and UN and other development partners to facilitate the incorporation of UNFPA's programme priorities and ICPD agenda into national plans and strategies, UN systems initiatives and development frameworks (SPCF, MDGs etc).
- Translates global strategies into country specific advocacy strategies, creates and delivers effective evidence-based advocacy messages to promote UNFPA's programme goals taking into account political and social sensitivities.
- Promotes knowledge sharing and continuous learning, testing, linking and documenting innovative strategies, approaches, lessons learned and best practices inside and outside UNFPA and replicating these strategies and approaches. Ensures that programme staff integrate new substantive policies, methodologies and tools (RBM, gender concepts etc.).
- Provides substantive leadership and inputs into the design and formulation of programmes and projects translating UNFPA's mandate and strategic priorities into local interventions and responding to Government plans and priorities. Introduces into the project formulation process the results of programme and project reviews and evaluations, best practices, as well as innovative strategies, approaches and policies.
- Advises and reports on achievement of programme and project results, proactively measuring substantive progress and effective utilization of financial and human project resources using appropriate monitoring and measuring mechanisms and tools. Leads programme and project implementation, guiding and orienting executing agencies and project personnel, and introducing effective modalities and practices of implementation.
- Creates and documents knowledge by evaluating programmes, projects and ongoing experience for lessons learned, best practices and replicable strategies and approaches and actively shares and applies this knowledge. Creates mechanisms to collect and share knowledge.
- Analyzes population and development, reproductive health and gender issues in the country to provide substantive inputs to institutional responses and advocacy strategies taking into account political and social sensitivities. Takes opportunity to advocate and advance UNFPA's policy agenda by participating in public information events.
- Mobilizes co-financing resources for support to the country programme recommending a strategic approach and encouraging Country Office action. Assists the government and other executing agencies in the coordination of assistance for population programmes.

## 4. <u>Work Relations</u>

The Assistant Representative advances the ICPD policy agenda in a politically sensitive environment responding to changing substantive priorities of Governments. The Assistant Representative facilitates and coordinates technical advisers and experts and promotes partnership, synergy and strategic alliances with counterparts in government, multi-lateral and bilateral agencies and civil society. S/he contributes to UN systems coordination through participation in policy dialogue and provision of inputs into joint common system initiatives.

Internal contacts include the Representative, Deputy Representative, the CO's programme/ technical team, other divisions/branches at HQ, the RO and the SRO, and counterparts in other country offices. External contacts include other UN agencies in country, and counterparts and partners in Country programme activities, including international NGOs, experts etc.

## 5. <u>Job Requirements</u>

Education:


Advanced degree in Public Health, Medicine, Sociology, Demography, Gender, International Relations, International Development, Economics, Public Administration, Management or other related field.

### Knowledge and Experience:

• 7 years of progressively responsible professional experience in the field of development and population activities, including programme designing, appraising and management.
• Demonstrated ability to refine programme design to ensure alignment of organizational programme objectives to national priorities/capacities.
• Proven ability to lead and manage teams to achieve demonstrable results.
• Excellent written and oral communication skills to foster engaged partnerships at a high level of representation and to maintain political partnerships.

### Required Competencies:

Core Competencies: See the Diagram Below




### Functional Competencies:

• Advocacy/advancing a policy oriented agenda – influencing the public policy agenda; demonstrates political/cultural acumen in proposing technically sound, evidence-based approaches and solutions;

• Results based programme development and management – achieving results through programme design and innovative resourcing strategies; ensures integration of UNFPA's strategic concerns in inter-agency, other multilateral initiatives and multi-sectoral development frameworks;

• Leveraging the resources of partners/ building strategic alliances and partnerships – building strategic alliances; makes effective use of UNFPA's resources and comparative advantage to strengthen alliances;

• Innovation and marketing of new approaches – fostering innovation in others; creates an environment that fosters innovation and innovative thinking;

• Job knowledge/technical expertise – expert knowledge of own discipline; possesses expert knowledge of advanced concepts in primary discipline, a broad knowledge of related disciplines, as well as in-depth knowledge of relevant organizational policies and procedures.

### Languages:

Fluency in English oral & written is required. A working knowledge of another UN language such as French, Spanish, Arabic, Chinese or Russian is preferable.

Other Desirable Skills:
**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION / EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE**

UNFPA provides a work environment that reflects the values of gender equality, teamwork, respect for diversity, integrity and a healthy balance of work and life. We are committed to maintaining our balanced gender distribution and therefore encourage women to apply. UNFPA does not solicit or screen for information in respect of HIV or AIDS and does not discriminate on the basis of HIV/AIDS status.

**<u>Only qualified candidates will be shortlisted and invited for interview</u>. Please mail a recent <u>Application Letter, CV and copies of qualifications including telephone numbers</u> in a sealed envelope addressed to:**

**UNFPA Representative**
**P.O. Box 5366**
**Asmara, Eritrea**
**Quote: Vacancy <u>Announcement / Post Name and Number</u>**

**All applicants should be submitted with 10 working days after the date of announcement.**

# ተኸታሊ ከተማ

*ማዕል 32 ክፋል*



ብንያም ፍስሃጽዮን

**ተኸታሊ ከተማ፡ ኣብ 2004 ሃገራዊ ብሰም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዳለዎ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፡ ከሎቴል ብዝብል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**

ነጥሪ ናብ ቤቱን ናብቲ ዝጸበዮ ዝነበረ መንእሰይ ግዜ በሊዑ'ዩ በጺሑ። ቁሩብ ርስንስን ኢሉ ብምንባሩ ድማ ብዘይካ ነገር ካልእ ደሸቲቶ ኣይነበረን። ብርኽቲ ኑቲ ሽፋሕ ኢሉ ቀዳምዋ ኣብ እዝዚ ሰብ ዝበጽሕ ጫማኣ ተኸቲላ ማዕጾ ከፊተትሉ። "ኣሎዶ እቲ ጋሻ?" ነጥሪ ተሸበርቢራት ኣብ ቀጽሪ ከየእተወ ዕትብቶን ሕርቃንን ዘንጸብርቕ ድምጹ ብምንጉድጓድ ኣብ ልዕሊ'ታ ተሰከምጊት ኩሉ ብርኽቲ ገዶረ።

"እወ ኣሎ" በለት ብርኽቲ፡ ኑቲ ከም ሓይሊ ቁሪ ትፈርሖ ነጥሪ ከይትርኢ ርእሳ ናብ መሬት ደፊኣ።

ማኪና ሓያል ድምጺ ኣሰሚዓ ናብ ቀጽሪ ተደርገመት። ንሳ'ውን ከም ዋናኣ ሕርቃን ዘንጸርጸራ ትመስል። "ኣበይ ኣሎ?" ካብ ማኪና ወሪዱ ቀላሕሊሑ ኣብ ልዕሊ ብርኽቲ ዝነበረ ነጥሪ ሓተተ።

"ኣብ ሳሎን!" መለሰት ብርኽቲ ዝለመደቶ ቆየቛ ከም ዝሰዕብ እናተጸበየት።

"ኣብ ኩሽና ዘይጸንሐ ዝበረ! ንኹሉ ሰብ ኣብ ሳሎን ኣይተእትወሊዩ እብለኪ ኣለኹ። ትሰምዕኒ ኣለኺ ዲኺ?" ዝረብሉ ከይትሰምዕ ዝደኸት ስለ ዝመሰሎ ኣገባዕበየሉ።

"ሓላፊደይ'ዩ ምስ በለኒ'የ ኣብ ሳሎን ኣእቲየዮ።" እናሰምገእት መለሰት። ዝኸሓ መልሲ ዘይሃበ ነጥሪ ብቑጥታ ናብ ሳሎን ኣምሪሑ "ኣንታ በትኪ!" ብምባል ምስ ዳዊት ክጸረፍ ተሰምዐ። "ንዓኻስ ዳዊት ከኣ ኢሎሙኻ። ሰም ናይቲ ብወንጌፍ ንጉልያድ ዘውደቐ ጅግና ሒዝካስ ተግባርካ ግና ምስ ናቱ ዘይሳነ።" ንጸርፊ ዝመጸ ከማስል ብዘይዕረፍቲ ሕርቃኑ ዘሰኽን ዝበሎ ቃላት ኣውሓዘ። እታ ምስ ዳዊት ጸቡቕ ዕላል ጀሚራ ዝነበረት ብርኽቲ ናብ ሳሎን ክትኣቱ ድፍረት ኣይረኸበትን። ኣብ ልዳት ተጸጊዓ ዝሰምዓቶ ጸርፊ'ውን ሕርቃን ስለ ዝቐስቀሶ ቀልጢፋ ናብ ኩሽና ከተምርሕ'ዩ ጎዲደዋ። 'ደስ ዝብል መንእሰይ' ዝበሎቶ ዳዊት ክጽረፍ እንከሎ ብኣእዛና ካብ ምስማዕ ግልል ምባል ከም ዝሓይሽ ተገንዘበት።

"እንታይ ገይረ ነጥሪ?" ዳዊት ድፍረት ብዘለዎ ኣገባብ ክምልስ ተሰምዐ። ደፊርካ ምዝራብ ግና ሽዑ ዝጀመሮ ኣይኰነን። ካብቶም ብተደጋጋሚ ደፊሮም ዝዛረቡ መንእሰያት ሓደ'ዩ።

"እንታይ ገይረ ድማ ትብል? . . ." ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ጠመቶ። "እንታይ ደየ ኢልኩም? ኣብ ወሸጢ ኣስመራ ተኾሲ ሓደገኛ ስለ ዝኾነ ብዙተኻእለ መጠን ኣይትተኩሱዶ ኣይበልኩኹምን? እንተተጸገምኩም ድማ ሓንቲ ክትትኩሱ ትኽእሉ ድማ ዝሰየበ ትእዛዚ'ዩ። ንሰኻ ግና ከም ኣብ ድስቲ ዝኣተወ ዕንባብ ተረጋርጋ ኢኻ ኣቢልካዮ። ጌጋኻ ኣብ ክንዲ ምቕባል ድማ እንታይ ገይረ ትብል?"

"ዕዳጋ ከም ዝጸንሓካ'ምበር ኣደኻ ከም ዝለኣኸትካ ስለ ዘይኮነ ኑቲ ዘጋጠመኒ ክቆጻጸር ዝነበርክዎ'ዩ። ሳምራዊ ቀቅድመይ ኣነ ደድሕሪኡ ኢና ንኸይድ ነይርና። ኣጠዋዲመ ብሰደፍ ጠበንጃ ወሰ ክብሎን ሃንደበት ግልጺ ኢሉ ክጥምተኒ ሓደ ኩይና። ከምኡ ብምግባሩ ድማ እቲ ኣብ ክሳዱ ዝሓስበኩዎ ወሰታ ንመኽኡብ ጨሊፉ ከምቲ ዝደለ ኣየድምዕን። ብድሕሪኡ ኣብቲ ግብ ዝበለ ጸላም እግረይ ኣወጸእኒ ኢሉ ሃዲሙ።" በለ ዘጋጠሞ ዝርዝር ሓብሬታ ክህብ እናፈተነ።

"እንታይ ደኣ ኣብ ሞባይል ከም ዝቐተልካዮ ኴንካ ትዛረብ?" ቀለጭ በለ ነጥሪ። "እቲ ዝተኩሰኻዮ ጠያይት ኣብ ዕጬ እምኒ ኢኻ ኣወዓልካዮ ማለት ድዩ?"

"ምውዳቕሲ ኣውዲቕዮ'የ። ብኣጋጣሚ ተወጊኡ ክይተርፍ ኢለ'ውን ኣብታ 'ሃይ!' ዝሰማዕኩላ ቦታ ደጊመ ተኪሰ'የ። ኣነ ብወገነይ ቀቲለዮ'የ ዝብል።"



ነጥሪ ኣዕማቒ ኣስተንፈሰ። ዳዊት ዝብሎ ዝነበረ ዘረባ ዘእምን ኩይኑ ኣይረኸቦን። "ሕራይ ሰሚዐካ ኣለኹ!" በሎ ብዘስተናዕቕ ስምዒት። "እቲ ዝኸዳ ክሳብ ዝኸውን እዚ ክልተ መዓልቲ ካብ ገዛኻ ኣይትወጽእ።" ትእዛዝ ኣመሓላለፈ።

***

እታ ብዘረባ ደቂ ኣሃዱ ሳምራዊ ዘይቀሰሎት ብርኩታ ኣብ ሰንፈላል እንኮላ'ያ ኣብ ሞባይላ ተደዊልላዋ። "ሄለው መን ክብል?" ዝበል ሰንባዲ ዝተሓወሶ ድምጺ ኣሰሚዓ ድማ ግብረ መልሲ ተጸበየት። ካብ ዝፈርሓቶ ኣይወጸትን። ብዘሌፍን ዝተሓብረ ሓብሬታ ብዘይ ልባ በዛግ ኢላ ንደገ ክትወጽእ'ዩ ቀሲቡዋ። 'በዓል ቤትኪ ሓደጋ ኣጋጢምዎ ኣብ ሆስፒታል ደርኩብ ኣሎ።' ዝብል'ዩ እቲ ሓብሬታ።

***

ፋትኤል ኣብ ኣእምሮኡ ዝኾነ ጥርጣረ ከይገበረ'ዩ ናብቲ ኣልኣን ዝቖጸረቶ ቦታ በጺሑ። ካብ ማእሰርቲ ካብ ዝፍታሕ ንደሓር ብኣካል ስለ ዘይተራኸቡ ሰላም ክትብሎ'ምበር ካልእ ጉዳይ ክህልዋ ትጸበት ከይገበረ ድማ'ዩ ገጻ ክርኢ በቒዑ። "ፋት!" በለት ኣልኣን ሰምዒት ሓጉስ ብዘውሓጦ ቃና።

"ኣልኣን!" መለሰ ፋትኤል ንሱ'ውን ሓጉስ ብዘንጸብርቕ ስምዒት። "ከመይ ቀኒኺ?" ምፅጉርታ ክሰዕም ምስ ቀረባ ኣልኣን ተጠምጠመቶ። "እንታይ ደ ኣ ሉ ኣጋጢሙካ ወደይ?" ቅልጥፍ ኢላ ዕላል ኣበገሰት።

"ንኹሉ ሰብ ዘጋጥም ሓደጋ!" በለ ክምስታ ኣሰንዩ። ከም ቁልዓ ስለ ዝሓሰባ ቀምነገር ዝተዛረባ እዋን ወሒዱ'ዩ። "እንታይ ደኣ ሕጂ ዲኺ ፈሊጥኪ?" ንእግረ መንገዱ ኖቐፈታኡ እናገለጸ ሓተታ።

"መን ከዋረኒ ደኣ?" ሓሰወት። ዳንጋኣን ሰለፉን ኣገሊሑ ዘርኢ ሓጺር ጉና ተኸዲና'ያ መጺኣቶ። ቦዲ ዝዓይነታ ናይ ላዕሊ ማልያ ድማ ኑቲ ዝተቐረፈ በለስ ዝመስል ክፋል ኣጥቢታ ኢቃለዑ ዳርጋ ዘይተኸደነት'ዩ ኣምሲልዋ። ፋትኤል ንኣልኣን ጸቡቕ ገይሩ ስለ ዝፈልጣ ብኣኩዳድናኣ ኣይተገረመን ኣይተማሰጠን'ውን። 'ጓል በዓልቲ ባር ንዝኣ'ያ ትመስል' እናበለ'ዩ ተቐቢልዋ። "እምበር ከምቲ ኣብ ልዕለኻ ዘሎ ተገዳስነት ካልእ ይትረፍ ጥዕምቲ ዝኾነ ሰራሕ ምገዲሕኩኻ" በሎ ጸቡቕ መእተዊ ስለ ዝረኸበት እናኮማስመሰት።

"ይኣምነሊዩ ኣልኣን ሓፍተይ! ማማ ከመይ ኣላ ደሓን ድያ?" ንኣደኣ ስለ ዝፈልጣ ንእግረ መንገዱ ደሃያ ሓተተ።

"ደሓን'ያ! ብላኽ ለሸል፡ ሬድ ለሸል፡ ቺቫዝ ኣረቂ፡ ጂን እናበለት ምስ ዓማዊላ ወጃዕ ክትብል ትወዕልን ትሓድርን ኣላ። ማማ ደሓን'ያ በዓ"፡ ምስ ዝኾነ ሰብ ከሰማምዕ ዘኽእል ዓቕሊ ኣለዋ። በዓልቲ ባር ዓቃል'ያ መስለኒ። ኣነ ጥራይ'የ ከምዛ ትርእየኒ መሃከይ ጠፊኣኒ ዘሎ። እንታይ ኢኻ ግና ከምቲ ዝግደሰልካ ዘይትግደሰለይ?" ሃንደበት ነጥሪ ዝሓበራ ልኡኽ ትዝ ከም ዝበሎ ተገዳስነታ ክትገልጽ ተሰምዐት።

"እንታይ ኩይነ ዘይግደሰልኪ? ከማኺ ገይረ ዝግደሳ ሰበከ ኣላ ድያ? እንታይ ደኣ ሎሚ ካብቲ ካልእ መዓልቲ ኣዚኺ ተለዊጥክዚ?" ዕላል ስለ ዝተቐየሮ ግር እናበሎ ሓተታ።

"ንሰኻ ኢኻ ክትርደኣኒ ዘይከኣልካ'ምበር ኣነስ ኣይተለወጥኩን።" ኣዒንታ እናሰለምለመት ጠመተቶ። ደጋጊማ ዓይኒ ዓይኑ ትጥምቶ ስለ ዝነበረት፡ 'እምበርዶ ደሓን'ያ እዛ ቁልዓ?' ብምባል የተሓሳስቦ ነበረ። "እቲ ቅድሚ ምእሳርካ ኣዕሊልካ ዝነበርኩ ጉዳይከ?"

"እንታይ ኣዕሊልና ዲና?" ስለ ዘይተረድኦ መብርሂ ደለየ። ኣብቲ እዋን ካልእ ዝዓጥጥ ጉዳይ ስለ ዝነበሮ ይትረፍ ኣልኣን ዘዕለሉቶ ካልእ'ውን ክዝክር ዝኽእል ኣይነበረን።

"እዚ ዓዲ ይጸልኣ ኣለኹዶ ኣይበልኩኻን?"

"እሞእንተጸላእክዮኸኣንቲኣልኣን?" ሽዑ'ውን ምንም ኣይተረድኦን።

"እቲ ሓላፊኻ መንቀሳቐሲ ይተሓብበር'ዩ ኢሎሙ።"

"ኣንቲ ጓል! እንታይ ትዛረቢ ከም ዘለኺ'ባ ፍለጢ።" ሰንባዲኡ ገለጸ። "ኣነ እዚ ትብልዮ ዘለኺ ጉዳይ ኣይፈልጦን'የ። ነጥሪ ካብ ሕጊ ወጻኢ መንቀሳቐሲ ዝተሓብበር ምኻኑ ድማ ኣይፈልጥን'የ።" ሕርቃኑ ክቆጻጸር እናፈተነ'ዩ ዝዛረብ ነይሩ።

"ኣንታ ደሓን ሕራይ ግደፎ!" ኣልኣን ኣብ ገጽ ፋትኤል ዘርኣየቶ ስምዒት ክትቅጽል ኣየኽኣላን። ንእግረ መንገዳ ብጉዳያ ገይራ ክትእትዎ ፈተና ኣኒዩ፡፡ ግና ፈተናኣ ኣይሰርሐን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ልዕሊ ፋትኤል ሰግኣት'ዩ ኣሕዲሩ።

"ኣንቲ ኣልኣን ኹሪ ቁልዓ ኢኺ ዘለኺ። ምስኡ ምህላወይ'ኳ እናሕረቐንስ መንቀሳቐሲ ትተሓብበር ኢኻ ኢለ ክሓተቶ ትጸብይኒ ኣለኺ? ጠበይ ናይቲ ሰብኣይ ኣይፈለጥክዮን። እዚ ዝበልክዮ ድማ ከበድ ተሓታትነት ዘለዎ ጉዳይ'ዩ። መንቀሳቐሲ ማለት ህይወት ምኻኑ ኣይትዘንግዕዮ።"

"ኣንታ ንበዓል ነጥርስ ደሓን'ዩ!"

"ባዕሎም ይፈልጡ! ኣነ ኣብ ከምዚ ጉዳይ ክኣቱ ኣይደሊን'የ። ደሓር ድማ ምስ ነጥሪ ካብ ዘይንራኸብ ነዊሕ ኩይኑ'ዩ። ካልእ ግዳ ነዕልል።" ኣርእስቲ ቀየረ።

***

ብርኩታ፡ ካብቲ ሰበኣያ ተዓቒቡሉ ዝነበረ ክፍሊ ንብዓት እናፍሰሰት'ያ ወጺኣ። 'እዋይ ኣነስ ፈሊጠያ ነይረ'የ' ቀዝሞት ኣብ ደገ ምስ ወጸት። ሓብታን ኣደኣን ደድሕሪኣ ሰዒበን ከጸናንዓኣ ይፍትና ነበራ። ሳምራዊ ብሓገዘ ኣክሰጅን ክስተንፍስ ምስ ረኣየቶ'ያ ተስፋ ቑሪጻ። ስሙ ጸዊዓ ዝረኸበቶ ግብረ መልሲ ኣይነበረን። ሃለዋቱ ይፈልጥ ስለ ዘይነበረ ድማ'ዩ ሻቕሎታ ዛይዱ።

"ሰላም?" የዕፍርም ዝተኸደነ ፖሊስ ናብዞን ከበብን ዝነበራ ብርኩታ ትርከበን ሰለስተ ኣንስቲ ቀሪቡ ሰላምታ ኣቕረበ። "ያሬድ እበሃል፡ ኣባል ፖሊስ ኤርትራ'የ። ብርኩታ ኩን መን ትኸውን?"

ብርኩታ፡ ኑቲ ኣብ ቅድሚኣ ዝነበረ ፖሊስ እናጠመተቶ ፈዘዘት። እተን ምስኣ ዝነበራ ሰደርኣ'ውን ዓይኒ ዓይና እናጠመታ ኣብ ሰቕታ ተዓቒባ።

"ናይ ደሓን ዲኻ?" ድሕሪ ገለ ካልኢታት ኣደ ብርኩታ ክትሓትት ተገደደት።

"ናይ ደሓን'ዩ፡ ዚ ጉዳይ ክጸሪ ዝተላኣኽኩ ፖሊስ'የ" በለ ፖሊስ ያሬድ ቅልጥፍ ኢሉ። "መን'ያ በዓልቲ ቤቱ? ሓደጋ ዘወረዶሉ ሰዓት ኣብ ትሕቲ ሕጊ ክኣትው እንተኾይኖም ምስ ፖሊስ ምትሕብባር ከድሊ'ዩ።"

"ኣነየ!" በለት ብርኩታ ሓብሬታ ናይ ፖሊስ ክትዛረብ ኣተባቢዕዋ። ዝፈሰሰ ዝነበረ ንብዓታ ብኢድጋ ደሪዛ ድማ ፖሊስ ዘቕርቦ ሕቶ ንምምላስ ተዳለወት።

"እሺ ሰዓብዚ!" ዝበለ ፖሊስ ካብተን ኣማእኸለንኣ ዝነበራ ሰበት ፈንቲቱ፡ "ብዛዕባ ንሱ ብኣይኪ ዘጋጠመ ሓደጋ ዘቕርበልኪ ሕቶታት ስለ ዘለዊ ጽባሕ ሰዓት ሸሞንተ ኣብ ቤት ጽሕፈተይ ምጺ" ዝብል ሓብሬታ ኣሕሊፉ ግልል በለ።

ይቕጽል




ኤርምያስ ሰለሙን

# ኩሎም ዕምባባታት ድዮም ብኣናህብ ዝድለዩ?

ኩሉም ዓምባቦም ዝረኣዩ ዓበይቲ ኾኑ ማእከሎትን ንኣሽቱን ኣትክልቲ። ብኣናህብ ተደለይቲ ኣይኮኑን፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለው ዝዕምብቡ ኣስታት 250,000 ኣትክልትታት። እቶም 2,500 ዝኾኑ ጥራይ እዮም ብኣናህብ ተደለይትን ኣትክልቲ ዕምበባታት ንሁብን ተባሂሎም ዝፍለጡ፥ ዕምበባታት ንህቢ ኣብ ህይወት ኣናህብ ኮነ ኣብ ምህርቲ መዓር ቀጥታዊ ዝኾነ ጽልዋ ኣሎምም፡ ዕምበባታት ብኣናህብ ተደለይቲ ንክኾኑ እዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ረቛሕቲ ነገራት እዮም፡

1. ቅርጽን ኣቃውማን ናይቲ ዕምበባ።
2. መኣዛ ወይ ጨና ናይቲ ዕምበባ።
3. ሕብሪ ዕምበባ።
4. መጠን ትሕዝቶ ጽገን (pollen grain) ምቁር ፈሳሲ ዕምበባ (ምጽምጽ) (nectar)
5. ቁመት ሻምብቆ ዕምበባን ካልኦትን እዮም፡

ቅርጽን ኣቃውማን ዕምበባታት ሓደ ካብቶም ኣናህብ ጽገን ምጽምጽን ንኸእከቡ ተደለይትን ዘይተደለይትን ክገብሩዎም ካብ ዝኽእሉ ረቛሒታት እዮም፡ ዕምበባታት ንህቢ ንኣናህብ ዘይሰሓብቲ እንተኾይኖም። ዋላ እቲ ዝድለ መጠን ይሃሉዎም ኣናህብ ክጥቀማሉ ኣይክእላን እዮን፥ እቲ ኻልእ መኣዝን ሕብርን ኮይኑ። ዕምበባታት ብኣናህብ ተደላዪ ዝኾነ መኣዛ ኮነ ሕብሪ እንተዘይሃልዩዎም። ኣናህብ ጽገ ኾነ ምጽምጽ ንኽእከብሉ ኣይተባብዖን እዮን፥

ካልእ ክፍለጥ ዘለዎ ነገር ኩሎም ዕምበባታት ንህቢ ጽገን ምጽምጽን እኳ እንተ ሃለዎም። ብዓይነትን ጽዕቅን ግን ይፈላለዩ እዮም፡ ስለዚ። እቶም ኣብ ሕዘእቲ ንህቢ ዝትከሉ ዓይነት ዕምበባታት ንህቢ ብዘሎምም ዓይነት ኮነ ጸዕቂ ጽገን ምጽምጽን ናይቶም ዕምበባታት። ብዝሒ ዕምበባታት። ዓምባቦም ዝጸንሑሉ ግዜን እቶም ዕምበባታት ተኸፊቶም ዝጸንሕሉ እዋን (መዓልቲ ወይ ሰዓታት) ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ፡ ሓደ ተኽሊ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ምህርቲ መዓር ናይ ምሃብ ተኽእሎ ኣለዎ? እቲ ተኽሊ ኣብ ዝዕምብበሉ እዋን። ኣናህብ ክሳብ ክንደይ መዓር ክኸብሩ ኣኽኢሉዎም? ንዝብል መጽናዕቲ ብምግባር ኣብ ሕዘእቲ ንህቢ ክትከሉ ዝግባኦም ዕምበባታት ንህቢ ምምራጽ ኣገዳሲ እዩ፡

ጽገ ቀንዲ ምንጪ ፕሮቲን ኣናህብ ክኸውን ከሎ። መዓር ድማ ከም ምንጪ ጸዓት (ወሃቢ ሓይሊ) ኮይኑ የገልግል፡ ጽገ ዕምበባታት (pollen grain) ካብ ተባዕታይ ክፋል ዕምበባ ዝምንጩ ሓርጭ መሳሊ (powder) ዘርኢ ተባዕታይ ክፋል ዕምበባ እዩ፡ ጽገ መግቢ ዘይነቑሑ ዕጺታትን እኹላት ኣናህብን እዩ፡ ጽገ ምስ መዓርን ጸባ ንሁብን ተሓዊሱ መግቢ ዕጺ ኮይኑ የገልግል፡ ኣብ እዋን ዕምበባታት ኣናህብ ብዙሒ ዘሎዎ መጠን ጽገ ይእክቡ፡ ብኡ መጠን ድማ ይሃልኽሞ ብዙሒ ዘሎምም ኣናህብ ድማ ይነቖሑ፥ ሓደ ዕስለ ኣብ ዓመት ክሳብ 24 ኪሎ ጽገ የድልዮ፡

ኣናህብ። ጽገ ኮነ ምጽምጽ ወይ መጣቢ ካብ ዕምበባታት ንምእካብ ምርጫታት ይገብሩ እዮን፡ ካብ ሓደ ዓይነት ዕምበባ



ናይ ሓደ ተኽሊ ጽገ ንምእካብ ኣብ ትሕዝቶ መኣዛዊ መግቢ (nutritive value) ከምኡ'ውን ኣብ ቀመማዊ ትሕዝቶኡን (chemical contents) ዝተመርኮሰ እዩ፡ እዚ ማለት ኣብ ገለ ዕምበባታት ትሑት ትሕዝቶ መኣዛዊ መግብን ቀመማዊ ትሕዝቶን ይህልዎምሞ። ብኣናህብ ድማ ዘይተደለይቲ ይኾኑ፥ ስለዚ ሓደ ኣብ መፍረ ንህቢ ዝተዋፈረ ሓርሲታይ ነዚ ፈሊጡ ኣብ ሕዘእቲ ንህቢ ዝተኸሎም ኣግራብ ኮነ ካልኦት ተኽሊ ዕምበባታት ንህቢ። መጽናዕቲ ብምግባር ብኣናህብ ተመረጽቲ ዝኾኑ ጥራይ ክተክል ይግባእ፡

ቁመት ሻምብቆ ዕምበባ ናይ ሓደ ተኽሊ ካብቶም ንኣናህብ ኣገደስቲ ረቛሕቲ ነገራት እዩ፡ ምኽንያቱ። ናይ ገሊኦም ኣትክልቲ ዕምበባታት ሻምብቆኦም ኣዝዩ ጸቢብን ነዊሕን ይኸውንሞ። ኣናህብ ምጽምጽ ንምእካብ የጸግሞም (ከም ኣብኡት ዕምበባ ዕረ)፡ እዚ ማለት እቲ ምቅር ፈሳሲ ዘሎዎ ስፍራ ኣዝዩ ርሑቕን ቁመት ናይቲ ሻምቡቆ ካብቲ ቁመት ንጉት ንህቢ (መልሓስ ንህቢ) ዝነውሐ ይኸውን፥

### ምልማዕ ኣትክልቲ ዕምበባታት ንህቢ

ንመፍረ ንህቢ ዝተመርጸ ስፍራ እኹል ምህርቲ መዓር ክርከቦ ዝኽእል ስፍራ ክኸውን ከም ዝግባእ ርዱእ እዩ፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ዓይነት ዕምበባታት ንህቢ ብምትካል ኑቲ ቦታ ንህቢ ብምህብታም እቶታውነት ምህርቲ መዓር ከም ዝዓቢ ምግባር የድሊ፥

ኣትክልትታት ዕምበባታት ንህቢ። ኣግራብ (trees)። ቆጥቋጥ (shrubs)፣ ኣብ ሓደ ወቕቲ በቑሎምን ዓምቢቦምን ዝበቅዑ ዓመታውያን ኣትክልቲ (herbs)። ሓረግ ከምኡ'ውን ዘራእቲ ክኾኑ ይኽእሉ፥ ኣትክልቲ ዕምበባ ንህቢ ምህርቲ መዓር ኣብ ምሃብ ዘለዎም ተኽእሎ ብመጠን ዝርጋሐኦምን ብዝሖምን ይውሰን፡ እዚ ማለት ንኣብኡት ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝዕምብቡ ኣትክልቲ። ጸዕቅን ሰፊሕ ዝርጋሐን እንተሃልዩዎም ልዑል ምህርቲ መዓር ይህሉዎም ማለትዩ፡ ስለዚ። ኣብ ሓደ ውሱን ከባቢ ኣብ ክንዲ ብዙሕ ዓይነትን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝምዕብቡ ኣትክልቲ ዝህልው። ውሱናት ዓይነትን ኣብ ሓደ እዋን ብጸዕቂ ዝዕምብቡን ክኾኑ ይምረጽ፡

ስለዚ። ንመፍረ ንህቢ ኣብ ዝተመርጸ ቦታ ዝትከሉ ዕምበባታት ንህቢ። ዓይነቶምን ዝርጋሐኦምን ብመጠን ዘሎ ስፍሓት መሬት ክውሰን ይግባእ፡ ንኣገልግሎት መፍሪ ንህቢ ክውዕል ዝተመደበ ሓደ ውሱን ስፍሓት መሬት (ከም ኣብኡት ሓደ ሄክታር)። ብዙሓት ዓይነት ዕምበባታት ንህቢ (ኣግራብ) ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝዕምብቡ ኣብ ክንዲ ምትካል። ኣብ ዝተቐራረበ እዋናት ዝዕምብቡ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓይነት ጥራይ ምትካል ዝያዳ ኣርባሒ ይገብሮ፡

ኣብ ሓደ መፍረ ንህቢ ክኸየደሉ ዝተመደበ ውሱን ስፍራ ዝትከሉ ዓይነት ኣግራብ ይኹኑ ካልኦት ኣትክልቲ ዕምበባታት። ኣቐዲምካ ኣየኖት ዓይነት ኣትክልቲ ዕምበባታት ዝያዳ ምህርቲ መዓር ከም ዘሎምም እኹል መጽናዕቲ ክግበር ይግባእ፡ ብተወሳኺ'ውን ዝዕምብቡሉ ወቕቲ ምፍላይ ኣገዳሲ እዩ፡ ኣብ ሃገርና መበቈላውያን ይኹኑ ብዝተፈላለዩ መገዲ ናብ ሃገር ዝኣተው ብዙሓት ዓይነት ብሉጻት ዕምበባታት ኣለው፣ በብእዋኑ መጽናዕቲ ብምግባር ድማ ኑቲ ቦታ ንህቢ ምህብታም የድሊ፥

ፍሉጣት ኣትክልቲ ኣበየናይ እዋን ይዕምብቡን ዝርጋሐኦምን መበቈላዊ ስፍራኦምን ኣብ ሰንጠረዥ ቀሪቡ ኣሎ፡

ሞያዊ ምኽሪ ካብ
ኣቶ ስምኦን ሳሙኤል

| ስም ተኽሊ | ዝዕምብበሉ ወቕቲ | ዝርግሐ ዝርከቡሉ ስፍራ |
|---|---|---|
| ጠጣዕለ | ጥቅምቲ ክሳብ ጥሪ | ሰሜናውን ደቡባውን ባሕሪ። ሮራ መንሳዕ። ሮራ ሓባብን ሳዕለዋይ ሩባ ዓንሰባን |
| ዓሙስ | ጥቅምቲ ክሳብ ጥሪ | ሰሜናዊ ባሕሪ። ደብረሲና። ቢዘን |
| በርበረ ጻሊም | ግንቦት - ሰነ ሓሓሊፉ ካብ ለካቲት ይጅምር | ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ክሳብ 2,400 ሜ. ብራኸ |
| ግራዋ | ለካቲት - መጋቢት | 750-2,500 ሜ. ብራኸ ክለምዕ ይኽእል፡ |
| ኣርግዛና | ሚያዝያ - ግንቦት | ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን ኣጻድፍ። ከምኡ'ውን ኣብ ምዕራባዊ መታሕት (ሃብረንጋቓ። መንሳዕ። ተኾምብያ። ማይጻብሪ። እንዳማርያም ዓይላ። ሃዘሞ። ጊንዳዕ) |
| ኣውሒ | ጥቅምቲ - ሕዳር ሓሓሊፉ ኣብ ካልእ እዋን) | ማይ-ዓይኒ። እገላ ሓመስ። ጽልማ። ሮራ-መንሳዕ። ሳቡር፡ |
| በለስ | ሚያዝያ - ግንቦት | ምብራቓዊ ኣጻድፍ (ሰለድ። ሰገነይቲ። ዓርበ-ረቡዕ። ናላይ። ናቕፋ። ሰንዓፈን ካልኦትን |
| ወይባ | ታሕሳስ - ጥሪ | ብብዝሒ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን ባሕሪ (ፍልፍል። ሰለሙና። ደብረ-መዓር። ደንጎሎ። ዒላበርዕድ |
| ታምቡኽ | ሚያዝያ - ግንቦት | ኣብ ከባቢ ኮዓቲት። ማይ-ዕዳጋ። ምራራ። ሓልሓልን ገለብን |
| ቆልቋል | ጥቅምቲ - ሕዳር | ኣብ ከባቢ ሰገነይቲ። ሰሓርቲ። ከባቢ ደብሪ። ዓዲ-ሃንስ። ዓዲ-ተከሌዛንን ካልኦትን |
| ኮሽም | ለካቲት - መጋቢት | ኣብ ከባቢ ቢዘን። ሶይራ። ጊንዳዕ |
| ዝ ተ ፈ ላ ለ ዩ ዓይነት ጨዓ | ሚያዝያ - ግንቦት | ኣብ ከባቢ ጽልማ። ሰገነይቲ። ሰላዕ-ዳዕሮ። ሰረጃቓ። ሮራ-መንሳዕ። ሮራ-ሓባብ (ኣካቻ ኣቢሲኒካ) |
| ጸሊም ቀንጠብ | ሚያዝያ - ግንቦት | ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን መታሕት (ተኾምብያ። ሻምብቆ። ጋሕቴላይ። ሓውሲ ደሴት ቡሪን ካልኦትን፡ |
| ስሑግ | ሕዳር - ታሕሳስ | ሰሎሙና። ሰባርጉማ። ሓውሲ ደሴት ቡሪ |
| ዝዋውዕ | መስከረም ክሳዕ ሚያዝያ ኣብ ዘለዋ ኣዋርሕ ሓሓሊፉ ይዕምብብ | ኣብ ላዕለዋይ ከበሳ ኣብ ከባቢ እንዳ ኣቡነ ብጹኣምላኽ። ጥቓ ማይ-ዕዳጋ። ሓበላ። ሃብረንጋቓ። ሮራ-መንሳዕ። መለብሶ። ምራራ፡ |

## ብሱል ሰላጣ

ዓቕን

- ፐርፐሮኒ
- ቀይሕ ሱር
- ብሱል ድንሽ
- ክልተ ማንካ ጣውላ ዘይቲ ሰላጣ (ኦልዮ ኦሊቫ)
- ሰለስተ ብሱል እንቋቑሖ
- ቁሩብ ጨው። ቁሩብ በርበረ ጸሊም
- ክልተ ማንካ ጣውላ ኣቾቶ ወይ ማዮኖዝ

ኣገባብ።-

ነቲ ፐርፐሮኒ ሓጺብና ንመትሮ፡ ከምኡ'ውን እንቋቕሖ። ድንሽ። ቀይሕ ሱር ቀሪፍና ንመትሮ፡ ማዮኖዝ ዘይትን ጨው። በረበረ ጸሊም ብሓደ ሓዋዊስና እንደገና ምስቲ ኣሕምልቲ ሓዋዊስና ኣብ ሸሓኒ ንቕርቦ፡ እዚ ከም ካልኣይ ዓይነት መግቢ ዝቕረብ ኰይኑ። ንኣርባዕተ ሰባት ከመግብ ይኽእል፡

ፍረወይኒ ገብረሂወት

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ኣትለታት መርመራ ኣካይደም

ሃገራዊ ኮሚቴ ጸረ ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ኤርትራ ( ENADO) ከም ኣካል ናይቲ ስፖርታዊ ንጥፈታት ሃገርና ካብ ሓይሊ ዝህቡ ጎዳእቲ መድሃኒታት ዝጸሀ ንምግባሩ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ዝሓለፈ ሰሙንታት ንኣትለታት ናይ ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት (ዶፒን) መርመራ ምኪያዱ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ብክኢላታት መርመራ ዶፒን (Dco) ሲስተር ኤልሳ በርሀን ፋርማሲስት ኣስመሮም በራኺን ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ናይ ዶፒን መመርመሪ ማእከል ንራብዓይ ጊዜኡ ኣብ ልዕሊ 20 ኣትለታት ዝተኻየደ መርመራ፡ ዕላማኡ መምርሒታት ዓለማዊ ማሕበር ዶፒንግ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ውድድራት ወጻኢ (Out of Competitions) ኣብ ዕረፍቲ ናይ ዝርከቡ ኣትለታት ኩነታት ንምርግጋጽ ምዃኑ ጸሓፊ ሃገራዊ ኮሚቴ ጸረ ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ኤርትራ (ENADO) ኣቶ መሓሪ መብራህቱ ሓቢሩ። ንሱ ብዝይካዚ ቡቲ ሃገራዊ ኮሚቴ ካብ 2010 ንደሓር ኣብ ልዕሊ 120 ኣትሌታትና ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ናይ ዶፒን መርመራታት ዛጊት ዝኾነ ኣሉታዊ ውጽኢት ከምዘይተረኸበ ወሲኹ ገሊጹ።

ኤርትራ ኣብ 2003 ንዝጸደቐ ሙትከላት ዩኔስኮ ተቐቢላ ንውዕላት ዞባዊ ዓለማዊን ውድባት ምቁጽጻር ጸረ ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት (WADA and RADO) ብምኽታም ኣብ 2008 ኣባል ኣህጉራዊን ዓለማዊን ውድባት ምቁጽጻር ጸረ ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ካብ እትኸውን ጀሚራ ኣብ ዞን 5 ናይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ካብ ዝርከባ ትሽዓተ ኣባል ሃገራት ንተጠቃምነት ሓይሊ ዝህቡ መድሃኒታት ስፖርት ንምክልኻልን ኣብ ማህበረሰብ ስፖርት ዘሎ ኣፍልጦ ንምዕባይን ብንጥፈት ትዋሳእ ከምዝላ መዞግቡቲ ውድብ ምቁጽጻር ጸር ወሃብቲ ሓይሊ መድሃኒታት ኣፍሪቃ (RADO)ይሕብሩ።

** ** **



ከም ያፍን ዩሲኢይን ዝኣመሰሉ ዓለለዎት ተጸዋዕቲ ስፖርት፡ ኣትለታት ሓይሊ ካብ ዝህቡ ባኢታታት ናጻ ክኾኑ ይጽዕቱ። እንተኾነ ኑቲ ዝይስፖርታዊ ተግባር ሕጂ እውን ምሉእ ብምሉእ ክቆጻጸርዎ ከምዘይከኣሉ ጸብጻባት የጸሩ።

## ቅንጥብጣብ

= ኣብዚ ዝሓለፈ ሳልስቲ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታታት ጠቕሊሉ ዝተፋነወ እስጳኛዊ ተጻዋታይ ባርሴሎና - ዣቪ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ነታ ጋንታ ብመዘኑት ሓለቓ ጋንታ ክመርሓ ምዃኑ ክለቡ ኣፍሊጣ። ገዲም ተኸላኻሊ ባርሴሎና - ካርሎስ ፑዮል ካብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ጀሚሩ ጫማኡ ድሕሪ ምስቃሉ፡ እቲ መዓርግ ብዘይ ዋና ምጽንሑ ይፍለጥ። ኣባላት እታ ጋንታ ኣንድሬ ኢኒስታ፡ ሊዮኔል መሲ ከምኡ እውን ሰርጂ በስኬት ምክትል ሓለቓ ጋንታ ኮይኖም ተመዚዞም ኣለው። ዣቪ፡ ንዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት መዘኑት ምክትል ሓለቓ ጋንታ ኮይኑ ዓይዩ። ባርሳ ፈላሚ ናይ ላሊጋ ጸወታኣ 24 ነሓሰ ኣንጻር ኤልቼ ኩተካይድ መደብ ወጺኡላ ኣሎ።

= ዜኒት ሴንት ፒተርስበርግ፡ ንኣክፋፋሊ ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ዣቪ ጋርሽያ 12 ሚልዮን ፓውንድ ብምስላዕ ዝርርብ ምጅማራ ኣፍሊጣ። እቲ ኣብ ሜዳ ኢልትሓድ ንኣስታት ክልተ ዓመታት ዝጸንሐ ኣክፋፋሊ፡ ካብታ ክለብ ክወጽእ ቀጠልያ መብራህቲ ተወሊዑሉ ምህላው ይግለጽ። በዚ ድማ 27 ዓመት መሊኡ ዝርከብ ጋርሽያ ቡቲ ዝተቐረበ መጠን ገንዘብ ኣንፈቱ ናብ ዜኒት ከምዝምርሕ ይግመት። 'ብኮታ እንግሊዛውያን ተጻወትቲ' ክሳዳ ተታሒዛ ዘላ ማን ሲቲ፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ካብ ክለባት ናፖሊ ኣቓልቦ ዝረኸበ እስጳኛዊ ተጻዋታይ፡ ኩተፋንዎ ምዃና ነታ ክለብ ቅርበት ዘለዎም ሰባት የረድኡ። ሓንቲ ክለብ እንተወሓደ ኣብ ኤውሮጳዊ ጸወታኣ ካብ 21 ተጻወትቲ ንሓሙሽተ እንግሊዛውያን ወይ እውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንዝሰልጠኑ ተጻወትቲ ክትሓቁፍ ዘገድድ ዘሎ ሕጊ ዩፌፋ፡ ንኣሰልጣኒ ማኑኤል ፐለግረኒ ኣብ መዋጥር ከምዝእተወ ይሕበር። ኣቐዲሙ ንተኸላኻሊ ክለብ ኣርሰናል ባካሪ ሳኛ፡ ንፈርናንዶ ከምኡ እውን ሓላዊ ልዳት ዊሊ ካባሌሮ ካብ ማላጋ ዘፈረመ ፐለግረኒ፡ ሓደ ተወሳኺ ተጻዋታይ ንምግዛእ መደብ ከምዘለዎ የረድእ። እቲ ኣሰልጣኒ 32 ሚልዮን ፓውንድ ክውድእ ምዃኑ ንዘንገረሉ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ክለብ ፖርቶ ማንጋላ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዝሰጋግሮ ይግለጽ ኣሎ።

= ኣመሪካዊ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ - ላንዶን ዶኖቫን፡ ናይ ጸወታ ግዚኡ ኣብ ክለብ ኤል ኤ ጋላክሲ ክዛዝም ከምዝደሊ ኣፍሊጡ። ኣብ ውድድር ፕሪመርሊግ እንግሊዝ ኤቨርተን ዝተጻወተ ዶኖቫን፡ ካብ 2002 ክሳብ 2010 ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ዋንጫ ዓለም ንሃገሩ ወኪሉ ተሰሊፉ።

= ሳውዝሃምፕተን ንተኸላኻሊ ክለብ ስፖርቲን ሊዝበን - ማርኮስ ሮጆ ንምፍራም ዘካየደቶ መስርሕ ከምተጓናደበ ተሓቢሩ። እቲ ተጻዋታይ 9.5 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ ኣሎ። ብኻልእ መዳይ፡ ብሳውዝሃምፕተንን ሳንደርላንድን ይህደን ዘሎ ተኸላኻሊ ሰልቲክ - ቪርጂል ቫን ጂክ ብክለብ ኒውካስል እውን ይድለ ምህላው ትማሊ ንሕትመት ዝበጽሓ ጋዜጣታታት እንግሊዝ ኣፍሊጠን።

= ተኸላኻሊ እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ሲቲ ቪንሰንት ኮምፓኒ ናይ ጸወታ ግዚኡ ኣብታ ክለብ እንተደኣ ዛዚሙ 60 ሚልዮን ፓውንድ ጉንፃ ክወሃቦ ጠለብ ቀሪቡሉ። እቲ 28 ዓመት ተጻዋታይ ብሓያል ክለባት ይጥመት ኣሎ። በዚ ድማ እታ ጋንታ ንዝመጽእ ሽዱሽተ ዓመታት ኣብታ ክለብ እንተደኣ ጸኒሑ ንሰሙን 200,000 ፓውንድ መሃያ እናተኸፍለ ከምኡ እውን ከም ሓለፉ 60 ሚልዮን ክወሃቦ መደብ ከምዘሎ ጋዜጣታት ዓዲ እንግሊዝ ኣፍሊጠን። ኣብ 2008 ካብ ሃምቡርግ ዝተሰጋገረ ኮምፓኒ ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ፡ ንቀልቢ ክለብ ባርሴሎና ስሒቡ ምህላው ይግለጽ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ማን ሲቲ ንሰርጆ ኣጉዌሮ ንሰሙን 210,000 ፓውንድ እናኸፈለት ኩተጽንሖ መዲባ ምህላዋ ተሓቢሩ።

= ኣብ ግጥም መጻረዪ ንሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ምስ ሰልቲክ ዝገጠመትን ዓወት ዘመዝገበትን ለጅ ዋርሳው፡ 'ዘይሕጋዊ' ተጻዋታይ ብምስላፉ ብፎርፋይት ክትሰዓር ተወሲኑላ። በዚ ድማ እታ ሰልቲክ ኣብ ግጥም ፕለይ ኦፍ ምስ ማሪቦት ምስ ዝተባህለት ክለብ ስሎቬንያ ክትጻወት እያ።

= ተኸላኻሊ ኤቨርተን ጆን ስቶንስ፡ ኣብታ ክለብ ንተወሰኽቲ ሓሙሽተ ዓመታት ዘጽንሖ ውዕል ኩቲሙ። እቲ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ ክሳብ 2019 ኣብ ጉዲሰን ፓርክ ክጸንሕ እዩ።

= ካብ ኣርሰናል ክወጽእ ንኣሰልጣኒ ኣርሰን ቨንገር ቀጠልያ መብራህቲ ዝተወልዓሉ ቶማስ ቨርማለን ናብ ባርሴሎና ክግስግስ ምዃኑ ተሓቢሩ። እቲ በልጁማዊ ተኸላኻሊ፡ ብሰንኪ ዝገጠሞ ማህሰይቲ፡ ኣርሰናል ኣብ እተካይዶ ዝቕጽየት ዑደት ቅድመ ምጅማር ዓመት ስፖርት ኣይተሳተፈን። እንተኾነ ስሙ ምስ ማን ዩናይትድ ክጽዋዕ ዝጸንሐ እቲ ተኸላኻሊ፡ ኣንፈቱ ናብ ባርሳ ምቕያሩ እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ሓደ ሓደ ማዕከናት ዜና፡ ቨርማለን ብባርሴሎና ናይ 15 ሚልዮን ፓውንድ መጠን ገንዘብ ከምዝተቐረበሉን ኣርሰናል ድማ ከምዝተሰማምዐትሉን እውን ይእምታ ኣለዋ።

= ንኣስታት 12 ዓመታት ምስ ኣይቮሪኮስት ዝተጻወተ ዲደር ድሮግባ ናይ ኣህጉራዊ ጸወታታት ጉዕዞኡ ከምዝብቅዐ ኣፍሊጡ። እቲ ናብ ቸልሲ ዝተመልሰ ኣጥቃዒ፡ ምስታ ሃገራዊት ጋንታ 104 ጸወታታት ከካይድ እንከሎ 65 ሸቶታት ድማ ኣቑጺሩ።

## ዳንኤልን ናትናኤልን ኣብ ቮልታ እስጳኛ . . .



ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤምቲኤን ኵቤካ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት፡ 2012 ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቮልታ እስጳኛ ማልያ ኣውስትራልያዊት ክለብ ኦሪካ-ግሪንኤጅ ወደዩ ምስላፉ ይዝከር።

ተቐዳዳማይ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ክለብ ኤም.ቲ.ኤን. ኵቤካ ዝኾነ ዳንኤል ተኽለሃይማኖትን ኣባል ክለብ ዩሮፕ ካር ዝኾነ ናትናኤል ብርሃነን ኣብቲ ካብ 23 ነሓሰ ክሳብ 14 መስከረም 2014 ኣብ እስጳኛ ኣብ ዝካየድ፡ ኣህጉራዊ ውድድር ብሽክለታ ቮልታ ክሳተፉ ምዃኖም ዝተፈላለያ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዘተኩራ መርበብ ሓበሬታታት ኣብዚ ሳልስቲዚ ኣፍሊጠን።

ኣብ 2012 ምስ ኣውስትራልያዊት ክለብ ኦሪካ-ግሪንኤጅ ኮይኑ ኣብ ቮልታ ስጳኛ ዝተወዳደረ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ዳንኤል ተኽለሃይማኖት፡ ብቕድሚ ትማሊ ስሙ ኣቐዲሙ ኣብቲ ውድድር ከምዝሳተፍ ብኣዳላውቲ ናይቲ ውድድር ምስ ዝተነግረሉ መርሃዊ ቂዱስ ሰፊሩ ኣሎ። በዚ ድማ እታ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝመደበራን ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዓስኪራ እትርከብ ክለብ ኤምቲኤን ንብዘሒ ናይቶም ኣብቲ ውድድር እተሳትፎም ተቐዳደምቲ ትሽዓተ ኣብጺሓቶም ትርከብ።

ብኻልእ ወገን፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ዩሮፕ ካር - ናትናኤል፡ ምስ ካልኦት ዓሰርተ ተቐዳደምቲ ደቂ ጋንታኡ (ከም ቶማስ ቮክለር ከምኡ እውን ዳን ክራቨን ዝኣመሰሉ ይርከብዎ) ኣብቲ ውድድር ክህሉ እዩ።

ንመበል 69 ግዜኡ ዝካየድ ውድድር ቮልታ ስጳኛ ምስ ቱር ዲ ፍራንስን ጂሮ ዲ ኢታልያን ዝስራዕ ናይ ግራንድ ቱር መለክዒ ዘለዎ ቅድድም ኮይኑ፡ 21 መድረኻት ክሽፍን እዩ።

ልዑል ተወዳደርቲ ኣብ ዝረኣዩ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ቮልታ እስጳኛ፡ 22 ክለባት ኣብ ውድድር ክጽመዳ እየን።

## ኣስመራ ቢራ ሓንቲ እግራ . . .

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ መንጎ ክለባት ገዛባንዳን ኣስመራ ቢራን ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ጎብለል ዞባ ማእከል፡ ኣስመራ ቢራ 1ብ0 ብምዕዋታ ሓደ እግራ ናብቲ ክብሩ ዓወት ኣዝሊቃ።

እታ ኣብ ሊግ ኤርትራ እትሳተፍ ጋንታ፡ ተዓዋቲት ዋንጫ ዘዋሪት ናይቲ ዞባ ብምዃና ኣብቲ መድረኽ ክትቀርብ እንከላ፡ ገዛ ባንዳ ድማ ሻምፕዮን ናይ ዓመት ስፖርት 2013/14 ብምዃና እያ ንግጥም ጎብለል መን ኮነ ክትቐርብ ክኢላ።

ኣብቲ ሓያል ዝናብ ዘሰለዖ ኣብ መንጎ ድማ ዝተቋረጸን ግጥም፡ ኣስመር ቢራ ኣብ መበል 15 ደቒቕ ብመገዲ ያሬድ ኪዳን ብዘቑጸረታ ሸቶ እያ ዕውትቲ ኮይና። ኣብ ክልቲኡ እብረ ኣስመራ ቢራ ብገፊሕ ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ዘለወን ኮዓሳሱ ክተብኽን እኳ እንተተራእየት፡ ጽባሕ ሰንበት ኣብ ዝካየድ ግጥም ካልኣይ እግሪ ግን ዝሓሸ ዕድል ካብ ምሓዝ ዓዲ ኣይወዓለትን። ብኣንጻሩ እውን ገዛ ባንዳ ኑቲ ጸቢብ ስዕረት ክመልሱ ልዑል ተኽእሎ ተቐሚጢሎም ብምህላው እቲ ግጥም ኣገዳሲ ከምዝኸውን ብኢጋኡ ይግመት።

ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ጽባሕ ሰንበት ብዘይካ እቲ ግጥም ካልኣይ እግሪ ሕቶ ጎብለል፡ ግጥም ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ኣብ መንጎ ፓራዲዞን ሰረጀቓን እውን ሰሪዑ ምህላው የፍለጥ። ብዘይካዚ፡ ንዕውታት ውድድር ሻምፕዮን ዓመት ስፖርት 2013/14 ዝኾና ጋንታታት እውን ስነስርዓት ምዕዳል ሽልማት ከምዝካየድ እቲ ፌደረሽን ወሲኹ የረድእ።

## ኮምዩኒቲ ሽልድ

ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ዘውዲ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝደፍኣት - ማን ሲቲ ከምኡ እውን ጽዋእ ኤፍ ኤ ካፕ ዘልዓለት ክለብ ኣርሰናል ዝገጥማሉ ግጥም ኮምዩኒቲ ሺልድ ጽባሕ ኣብ ስታድዩም ወምብለይ ክካየድ እዩ።

ኣብቲ ሓድሽ ተጻዋታይ ማን ሲቲ ፍራንክ ላምፓርድ ዘይስለፈሉ ግጥም፡ ሲቲ ኣብ ጽቡቕ ኣቃውማ ምህላዋ ትሕብር። እንተኾነ እታ ክለብ ኣጥቃዒኣ ኣልቫሮ ኔግሬዶ ኣብ እግሩ ብዘገጠሞ ማህሰይቲ ኣብዚ ጸወታ እዚ ከምዘይህሉ ካብ ምህላጽ ዓዲ ኣይወዓለትን። ብወገን ኣርሰናል፡ ኣጥቃዒ ኦሊቨር ጅሩድ ምስላፉ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ምህላው ይግለጽ ኣሎ። እቲ ተጻዋታይ እታ ክለብ ምስ ሞናኮ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ምሕዛኑ ብዘገጠሞ መጠናዊ ማህሰይቲ እዩ ነዚ ግጥም እዚ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ክኢሉ። ኣብዚ ክረምቲ እዚ ንሜዳ ኢማራትስ ዝረገጹ ቻምበርስ፡ ደብቺን ሳንቸዝን ኣብዚ ግጥም እዚ ናይ ምህላዎም ተኽእሎ ዕዙዝ ምህላው ይግለጽ። እንተ ዴቪድ ኦስፒና ግን ብሰንኪ ዝገጠሞ ምጭብባጥ ጭዋዳ ኣብዚ ግጥም ናይ ምስላፉ ተኽእሎ ፍርቂ ፍርቂ ኮይኑ ኣሎ።


ኣብ ዝሓለፈ እዋን ማን ሲቲ ምስ ኣርሰናል ኣብ ዘካየደቶ ሸሞንተ ጸወታታት ሓንሳብ ጥራይ እያ ተረቲዓ። ኣብዘን ጸወታታት ኸኣ ሸዱሽተ ቀይሕ ካርድ ተመዚዙ። እታ ካብ ኣርሰናል ሓያለ ተጻወትቲ ዝሸመተት ክለብ ኣርባዕተ ተጻወትታ ክብረሩ እንከለው፡ ኣርሰናል ድማ ንኽልተ ከሲራ።

ኣርሰናል፡ ንመወዳእታ ግዜ ዋንጫ ኮምዩኒቲ ሺልድ ዝዓተረትሉ እዋን ኣብ 1999 ኮይኑ ንማን ዩናይትድ 2ብ1 ብምርታዕ እዩ።


ማን ሲቲ ንኮምዩኒቲ ሽልድ ወይ እውን ቻሪቲ ሽልድ ኣርባዕተ ግዜ ተዓዊታትሉ ነይራ። እንተኾነ ኣብ ዊምብለይ ኢዳ ኣንቢራትሉ ኣይትፈልጥን። ኣብ 2012 ኣብ መድረኽ እዚ ዝተዓወተት ማን ሲቲ፡ ንቸልሲ ኣብ ቪላ ፓርክ እያ 3ብ2 ረቲዓታ። ሲቲ ኣብ ናይ መወዳእታ ሓሙሽተ ጸወታታት ዓመት ስፖርት 2013/14፡ 14 ሸቶታት ኣመዝጊባ። ሰለስተ ኸኣ ተመዝጊብዋ።







ሩት ተስፋይ



# እተን ሰለስተ ሕጋጋት

ቀደም ዘመን ኣብ ሓንቲ ሃገር ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ፡፡ ብራውን ብዝበል ስም ከኣ ይጽዋዕ ነበረ፡፡ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ'ኳ እንተነበሮ ዕጋበት ኣይነበሮን፡፡ ኩሉ ግዜ ሃብቲ ክወሰኽ ምስ ደለየ እዩ፡፡ ካልእ ተወሳኺ ገንዘብ ንምርካብ ለይትን ቀትርን ምስ ሓሰበ'ዩ፡፡

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ናብቲ ባዕሉ ዝውንኖ ሰፊሕ ጀርዲን ኣቢሉ ይኸይድ ነበረ፡፡ ኣብ መንገዱ ድማ ሓንቲ ቅድሚኡ ርእዩዋ ዘይፈልጥ ዑፍ ተዓዘበ፡፡ እታ ዑፍ ደቃቕ ነበረት፡፡ እንተኾነ ኣዝዩ ማራኺ ሕብራዊ መልክዕ ነበራ፡፡ ድምጻ'ውን ምኡዝ ነበረ፡፡ ብራውን ከምኣ ዓይነት ዑፍ ርእዩ ዘይፈልጥ ብምንባሩ ኣዝዩ ተገረመ፡፡ ብኢዱ ንምሓዛ ድማ ተሃወኸ፡፡ ቀስ ኢሉ ናብኣ ቀረበ፡፡ ከይትርእዮ ብምፍራሕ ተጠንቂቑ ኣዝዩ ቀረበ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ብኢዱ ሓዛ፡፡ እታ ዑፍ ኣብ ኢዱ ምስ ኣተወት ክትዛረብ ጀመረት፡፡

"ስለምንታይ ሒዝካኒ?" እታ ዑፍ ሓተተት፡፡

"ገንዘብ የድልየኒ ኣሎ፡፡ ንዓኺ ብኽቡር ዋጋ ብምሻጥ ብዙሕ ገንዘብ ክረክብ እኽእል'የ፡፡" በለ ብራውን ሞለቓ ከይትሃድሞ እናፈርሐ፡፡

"ሃብታም እንክለኻስ ካልእ ሃብቲ ንምንታይ ደሊኻ? ደጊማ ሓተተቶ እታ ዑፍ፡፡ ምናልባት እንተደንገጸላ ብምባል ድምጻ ኣትሒታ ትዛረብ ነበረት፡፡

እቲ ብዘይካ ገንዘብ ካልእ ዘይደሊ ሃብታም ብራውን ግን ክምሕራ ድሌት ኣይነበሮን፡፡ "ካብዚ ዝለኽዎ ንላዕሊ ክህብትም'የ ዝደሊ" ኢሉ ከኣ መለሰላ፡፡

"ንዓይ ብምሻጥ ገንዘብ ክትረክብ'ዮ ኢልካ ግን ኣይትሕሰብ" በለቶ ተቐሪባ ዝጸንሐት ክትመስል፡፡ ዘረባኣ ብምቕጻል ድማ "ንዓይ ክትሸጠኒ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ዝኾነ ሰብ ኣይክገዝኣልካን'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ምስ ሓዝካኒ ጸቡቕ መልክዐይን ጥዑም ድምጸይን ጠፊኡ'ዩ" በለቶ፡፡ ከምኡ እናበለት መልክዓ ናብ ጸሊም ይቕየር ነበረ፡፡ እቲ ሰሓቢ መልክዓ ከኣ ናብ ናይ ኳኽ ሕብሪ ተቐየረ፡፡

ብራውን ነዚ ምስ ርኣየ ብሕራቓን ዝሑብሮ ጠፍኦ፡፡ ነታ ዑፍ ሸይጡ ብዙሕ ገንዘብ ናይ ምርካብ ሕልሙ ብኡ ንብኡ በነነ፡፡ "ቀቲለ ስጋኺ ክበልዖየ!" ድማ በለ ብሕርቓን፡፡

እታ ደቃቕ ዑፍ ኣይተዳህለትን፡፡ "ክትበልዓኒ ትኽእል ኢኻ፡፡ ደቃቕ ብምዃነይ ግን ስጋ ኣይክትረኽበለይን ኢኻ" ክአ በለቶ ኣንቃዕሪራ ናብኡ ገጻ እናጠመተቶ፡፡

ብራውን ክምልስ ኣይከኣለን፡፡ ኣብ ሓሳብ ኣትዩ ከሎ ከኣ እታ ዑፍ ሃንደበት ዘረባ ጀመረት፡፡ ከምዚ ክኣ በለቶ፡፡ "ንዓይ ነጻ ሰዲድካ፡ ኣነ ድማ ኣብ ህይወትካ ጠቓሚት ዝኾና ሰለስተ ሕጋጋት ክነግረካ'የ፡፡"

"እተን ሕጋጋት እንታይ'የ ጥቕመን? ንዓይ ዘድልየኒ ገንዘብ ጥራይ'ዩ" መለሰ ብራውን ሕርቕ ኢሉ፡፡

"እዘን ሕጋጋት ግን ካብ ገንዘብ ንላዕሊ ክኸስብኻ'የን፡፡"

ብራውን መኽሰብ ምስ ሰምዐ ገጹ በርሀ፡፡

"ዝኸሰበኒ እንተድኣ ኮይኑ ናጻ ክሰደኪ'የ፡፡ ንኸይትጠልምኒ ግን ብኸመይ ክኣምነኪ'የ?" ሓተታ ብራውን ናጻ ክሰዳን ከይሰዳን እናተጠራጠረ፡፡

"እመነኒ ኣይጠልመንየ፡፡"

ብራውን ነታ ዑፍ ፈነዋ፡፡ ንሳ ድማ ሸዑ ንሸዑ ነፈረት፡፡ ናብ ጨንፈር ናይ ሓደ ገረብ ከኣ ኮፍ በለት፡፡ ሕብራ ናብቲ ዝነበሮ መልክዕ ተመልሰ፡፡

ብራውን ኣብ ታሕቲ ኩይኑ "ሕጂ ነተን ሰለስተ ሕጋጋት ንገርኒ፡" በላ፡፡


"ናይ ግድን እምበር" መለሰት ዑፍ ከምዝምለጠት ምስ ኣረጋገጸት፡፡ "እታ ቀዳመይቲ ሕጊ፡ ኩሉ ዝሰማዕካዮ ኣይትእመን'ያ ትብል፡፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ኣብ ኢድካ ብዘየሎ ነገራት ኣይትሕዘን ትብል፤ እታ ሳልሰይትን ናይ መወዳእታን ከኣ ኣብ ኢድካ ንዝሓለፎ ነገር ፈጺምካ ኣይትደርቢ'ያ ትብል፡፡" ብምባል ድማ ንሰለስቲአን ሕጋጋት ነገረቶ፡፡

ብራውን ነታ ዑፍ ጸረፋ፡፡ ከምዝሸጎሮቶ ሸዑ'ዩ ተረዲእዎ፡፡ ካብ ሕርቃን ዝተበገሰ "እዘን ዝነገርክኒ ሕጋጋት ዝኾነ ሰብ ይፈልጠን'ዩ፡ ደሓን ግን ክርእየኪ'የ!"

ፈከረ፡፡


እታ ዑፍ ግን ርግእ ኢላ ክተረድኦ ፈተነት፡፡ "ብራውን ሓንሳብ እሞ ኮፍ በል፡፡ ሎሚ ንኹለን ዘን ሕጋጋት ኢኻ ጥሒሰካየን፡፡ ኣነ ኣብ ኢድካ ነይረ ፈኒኻኒ፡ ነታ ሳልሰይቲ ሕጊ ከኣ ጥሒስካያ፡፡ ዝረባይ ሰሚዕካ ብምእማንካ ነታ ቀዳመይቲ ሕጊ ኢኻ ጥሒስካ፡፡ ሕጂ ድማ ኣብ ኢድካ ብዘየሎ ነገር ትሓዝን ኣሎኻ፡፡ በዚ ከኣ ነታ ካልኣይቲ ሕጊ ጥሒስካ፡፡ እተን ሕጋጋት ቀለልቲ'የን፡፡ ንስኻ ግን ኣየተግበርካየንን፡፡ ሕጂ ግን ጥቕሚ ናይተን ሕጋጋት ተረዲኡካ ክኸውን ተስፋ ኣገብር፡፡" ከምዚ ድሕሪ ምባል እታ ብጥበብ ዝምለጠት ዑፍ በረረት፡፡ ንሱ ድማ ኣማዕድዩ ጥራይ ጠመታ፡፡


## ኣብዘን ስእልታት 10 ፍልልያት ርኸቡ



## ኣዝዮድ

ፍቱዋት ቁልዑ ነዞም ስእልታት፡ ምስ ቶም ኣብ ጐኖም ዘለው ናይ እንግሊዝኛ ኣስማቶም ኣዛምዱዎም፡፡ እንተዘይፈሊጥኩሞም ከኣ መዝገበ-ቃላት ተወኪስኩም ወይ ንዝፈልጡ ሓቲትኩም መልስዎም፡፡




*ኣሕምልቲ ምብላዕ ብዙሕ ኣይፈትዉን'የ፡፡ ማማ ግን ኣሕምልቲ ምብላዕ ከዘውትር ከምዘለኒ'ያ ብዙሕ ግዜ ትነግረኒ፡፡ ስለዚ ኣሕምልቲ ምምጋብ ዘለዎ ጥቕሚ'የ ክፈልጥ ደልየ፡፡*

*ናኤብ ብርሃ*
*ቤት/ት ፍረሰላም*

ዝተፈተኻ ናኤብ፡ ከምቲ ማማኻ ትብለካ ዘላ ኣሕምልቲ ምምጋብ ብብዙሕ ምኽንያት ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ኣሕምልቲ ብባህርያኦም ብመኣዛታት መግቢ ሃብታማት'ዮም፡፡ ንኣካላትና ጠቓሚት ዝኾኑ ብዙሕ ትሕዝቶ ቪታሚናት ኣለዎም፡፡ ኣካላትና ድማ ቪታሚናት ክረክብ ዝኽእል ቪታሚናት ዘለዎም ዓይነት መግቢ ምስ እንምገብ ጥራይ'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣካላትና ባዕሉ ቪታሚናት ክዳሉ ኣይክእልን'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ናይ ቪታሚን ትሕዝቶ ዘለዎም ዓይነት መግብታት መዓልታዊ ብምብላዕ ጥራይ ኢና ቪታሚናት ክንረክብ ንኽእል፡፡

ኣሕምልቲ ፍሉያት ዝገብሮም ካብ ስብሒ ናጻ ምዃኖም'ዩ፡፡ በዚ ድማ ዋላ ብብዝሒ እንተተመገብናዮም ስብሒ ብምብዛሕ ክመጽእ ካብ ዝኽእል ሕማም ናጻ ኢና፡፡ ብመጽናዕቲ ከምዝተረጋገጸ ኣሕምልቲ ብብዝሒ ዝምገቡ ሰባት ብቐሊሉ ብሕማም ኣይጥቅዑን'ዮም፡፡ ብዙሕ ናይ ጥዕና ጸገም'ውን የብሎምን፡፡ ኣሕምልቲ ክንምገብ ከለና ግን ሓደ ዓይነት ሓምሊ ጥራይ ኣብ ክንዲ ዝኾውን ብዙሕ ዓይነት ስለ ዘሎ ክንቀያይር ይግባእ፡፡ ብዘይካ'ዚ ከምቲ ገሊኦም ዝብልዎ ሓምሊ ዘይጥዑም መግቢ ኣይኮነን፡፡ ብግቡእ እንተተሰሪሑ ኣዝዩ ጥዑም መግቢ ከምዝኾነ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ፡፡